# ንድፌ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ 6ይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ
# ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
## 25.06.2006

ኣብ መንጐ ራብዓይ ሃገራዊ ጉባኤን ኣብ መንጐ’ቲ ብ2001 ኣብ ጐንደር እተኻየደ 5ይ ሃገራዊ ጉባኤን ኣብ ዝነበረ መድረኽ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዓበይቲ ዓወታት ዘመዝገበሉ መድረኽ ኢዩ ነይሩ። ዝምድና ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ምስ መንግስታት ሱዳንን ኢትዮጵያን ተመሓይሹ፤ ምስ መንግስቲ የመን ውን፡ ጽቡቕ ናይ ምትሕግጋዝ ዝምድና ተጠርዩ፤ ወተሃደራዊ ክንፊ ውድብና ክቐውም ክኢሉ፤ ኣብ ኵሉ ኵርንዓት ናይ ዓለም ዝነበረ ስርርዕና ክሕይልን ክምዕብልን ተራእዩ። ልዕሊ ኵሉ ከኣ፡ ውድብና ብዝገበሮ ሓያል ጻዕሪ፡ ናይ ካልኦት ውድባት ድሌት ተሓዊስዎ ብ1999 ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ምምስራቱ፡ ኣብ ህይወት ናይ ተቓወምቲ ተስፋ ዝሰኾዐ ተረኺቡ ኢዩ ነይሩ። ብሓጺሩ፡ ውድብና ናይ ህዝብናን ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራን ጐረባብትናን ቆላሕታ ክረክብን፤ ንኣባላቱ ውን ናይ መጻኢ ብሩህ ተስፋ ኰይኑ ከንጸባርቕን ክኢሉ ኢዩ።

ድሕሪ 5ይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ብምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ እተወሰነ ናይ ምንጥልጣል ስጉምትን፤ ኣብ ውሽጢ ውድብና ስዒቡ ዝተጋህደ ምፍንጫልን፤ ነቲ ክዓኾኽን ተሰማዕነቱ ክዓቢ ጀሚሩ ዝነበረ ውድብ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ንደምበ ተቓውሞን ብኣሉታ ጸለዎ። እቲ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ከነጻጽር ዝነበሮ ግጥምያን ዓቕምታትን ኣብ መንጐ ተቓወምቲ ውድባትን ነንሕድሕዶም ተጸምደ። ግርጭታት ተጓሃሂሩ፡ ናብ ምሉእ ልምሰት ናይ ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኣስዓበ።

ውድብና ሳላ ጽንዓት ኣባላቱን ብስለት መራሕቱን ካብ’ቲ ኣጓኒፍዎ ዝነበረ ኣዝዩ ጽንኩር ዝኾነ ኵሉ መዳያዊ ቅልውላዋት ወጺኡ፡ እንደገና ብኸልተ እግሩ ደው ክብል በቒዑ። ምስ ኵሎም ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ፡ ተስፋ ከይቈረጸ ብዘካየዶ ዘይሕለል ቃልሲ፡ ብዝተበጽሐ ምርድዳእ ንመብዛሕቶም ተቓወምቲ ዝጥርንፍ ጽላል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ተመስረተ። ውድብና፡ እቲ ኣብ ምሕዝነት ከሲርዎ ዝነበረ ቦታ ብምምላስ፡ ኣብ ዕብየትን ሓያልነትን ኪዳን ዘይንዓቕ ግደ ከበርክት ይርከብ ኣሎ። ከምኡ ውን፡ እቲ ኣብ መንጐ ውድብናን ጐረባብትናን ተፈጢሩ ዝነበረ ዘይምርድዳእ ናብ’ቲ ቅድም ዝነበሮ ንቡር ቦታኡ ክምለስ ኪኢሉ። ልዕሊ ኵሉ ግን፡ በቲ ዘጋጠሞ ኵሉ መዳያዊ ቅልውላዋት ከይተዳህለ፡ ኵሉ ውድባዊ ንጥፈታት፡ ማለት ፈስቲቫላቱ፡ ናይ ህዝብን ኣባላትን ሰሚናራትን ዲፕሎማስያዊ ዜናውን ማሕበራውን ወተሃደራውን ንጥፈታቱ ብዘይ ምቍራጽ ምክያዱ ኢዩ። መሰረታት ውድብ፡ ኣብ’ዚ መድረኽ ዘርኣይዎ ጽንዓት ዝኸፈልዎ መስዋእትን መዘና ዘይርከቦ ኢዩ ነይሩ።

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብኽልተ እግሩ ደው ኢሉ ንቕድሚት ክስጉም ኣብ ዝጀመረሉ እዋን ከኣ፡ ናይ ሓርበኛን ጽኑዕን ኣቦ መንበርና ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤል ሃንደበታዊ መስዋእቲ መጸ እሞ፡ እንደገና፡ ሓድሽ ብድሆ ኣብ ቅድሜና ተደቀነ። ሕጂ ውን፡ ኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ነዚ ጽንኩርን ኣዝዩ ከቢድን ዝኾነ መሪር ሓዘን ጾይሮም ንህላወን ቀጻልነት ውድቦም ኵሉ ካብኦም ዝጥለብ መስዋእቲ ክኸፍሉ ብንህርን ብድርብ ሞራልን ተላዓዒሉ። ብጾት ወልደሱስ ዓማርን ተኽለ መለኪንን ተስፋይ ወልደሚካኤልን ናብርኦም ገዲፎም ንውድቦም ምሉእ ግዜኦም ክህቡ ተባፅ ዝኾነ ውሳኔ ወሰዱ። ኣብ ኵሉ ኵርንዓት ዓለም ዝርከቡ ኣባላት ድማ፡ ብገንዘብን ብጕልበትን ብሓሳብን ንውድቦም ንቕድሚት ንምድፋእ ተላዓዒሉ።

ከም ውጽኢቱ ከኣ፡ እቲ ኣብ 2005 ክግበር ዝተወሰነ እሞ፡ ብዝተፈላለዩ ወድዓውያን ምኽንያታት ክሰላሰል ዘይተኻእለ 6ይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጕባኤ ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ወርሒ ንምክያድ ንሸባሸብ ኣሎና። እዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣብ ሓሙሻይ ሃገራዊ ጕባኤ ዝጸደቐ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮን፤ ከምኡ ውን፡ ኣብ'ቲ ጕባኤ'ቲ ዝጸደቐ ውድባዊ መደብ ዕዮን፥ ካልእ ዘሎናዮ መድረኻ ዝወለዶም ጕዳያትን ዘጠቓለለ ንድፊ ናብ መሰረታት ውድብ ወሪዱ ክትዓት ይካየደሉ ኣሎ። ነዚ ክትዓት'ዚ እተመሓድርን፤ ንጕባኤ እተሰናድእን ሽማግለ ውን፡ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ መስከረም 2005 ኣትሒዛ ስርሓ ጀሚራ ኣላ።

እዚ ኣብ ታሕቲ ሰፊሩ ዘሎ፡ ናብ 6ይ ሃገራዊ ጕባኤ ዝቐርብ ንድፊ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ናይ ህዝቢ ንብረት ኢዩ ኢልና ስለእንኣምን፤ ዝኾነ ይኹን ብኡ ዝግደስ ዜጋ ንምምዕባሉ ዝዓለመር ርእይቶታቱ remaz122002@yahoo.com ወይ asmermen2@yahoo.com ብዝብል ኣድራሻ ክልእከልና ከምዝኽእል በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ክንሕብር ንፈቱ።

----------------------------------------------------------------------------------------------------------------

**ሓሙሻይ ጠቕላል ሃገራዊ ጕባኤ**

**ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ**
**ነሓሰ 2001**

# ካብ ፖለቲካዊ ጸብጻብ
# 5ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጕባኤ

ካብ ድልየትና ወጻኢ ብዝኾነ ኵነታት፡ ጕባኤና ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ግዜኡ ምግባሩ ተዓናቒፉ ድሕሪ ምጽናሑ፡ ሎሚ ኣብ ጕባኤና ክንርከብ ምኽኣልና እንቋዕ ኣሐጐሰና። ሎሚ ጕባኤና ዝግበረሉ ዘሎ ኵነታትን፡ ቅድም ክብል ራብዓይ ጕባኤና እተኻየደሉ ኵነታትን ኣብ ብዙሕ ገጻቱ ከም ዝፈላለ ከኣ ብሩህ ኢዩ።

ኣብ ኣህጕራዊ መዳይ፡ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ፡ ዓለምና ኣብ ትሕቲ ብሓደ ዓለማዊ ሓይሊ ዝተዓብለለ ኣህጕራዊ ክውንነት ትርከብ። በቲ ብግሎባላዊነት ዝፍለጥ፡ ብምጣነ-ሃብታውን ፖለቲካውን ዓብላልነት ድማ ዝልለ፡ ኣህጕራዊ ሃለዋት ከኣ ይፍለጥ። ጥቕምታት ድኹም ወገናት ምስ ጥቕምታት ርእሰ-ሓያል ኣብ ዝገራጨወሉ እዋን ከኣ፡ ሕቡራት መንግስታት፡ ደጊም ድኹማት ወገናት ፍትሒ ክወጽሎም ዝትስፈዉላ ኣካል ኣይኰነትን። ንምንታይ፡ ዓለም-ለኸነት ንኣፍደገ ሃገራት ዓለም ጋህ ኣቢሉ ደኣ ይኽፈቶ'ምበር፡ ኵሉ ነገር ካብ'ቲ ሓያል ሰሜናዊ ክፋል፡ ናብ ድኹም ደቡባዊ ክፋል ከምዝውሕዝ ኢዩ ዝገበረ። እዚ ከኣ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ሰሜንን ደቡብን ናይ ዓለምና ዝጸንሐ ናይ ፍልልይ ጋግ ዝያዳ ከስፍሖ ግድን ኢዩ። ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ብፍላይ ከኣ

ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ካብ'ተን ዝደኸያ ሃገራት ኢየን። ንናይ ግሎባላውነት መጥቃዕቲ ኪጸውር ዝኽእል ዓቕሚ ከኣ ኣይውንናን። ዝኾነ ዕድል ናይ ኤኮኖምያዊ ንጥፈት ንኽዐውታ ዘለወን ዕድል በዚ መጠን ዝጸበበ ኢዩ ዝኸውን። ኤርትራ፡ ሓንቲ ካብ'ዚኣተን ኰይና፡ ዕሽል ሃገር ኣብ ርእሲ ምኳና፥ ብኣዕናዊ ፖሊሲታት ናይ ጨቋኒ ስርዓት ክትህረም ስለዝጸንሐት፡ ግሎባላዊ ክውንነት ወስ ቀስ ምባል ኪኸልኣ ከምዝኽእል ንርኢ።

ብዞናዊ ደረጃ፡ ዞናና ኣብ'ዚ መዋእል'ዚ፡ ቅድም ኪብል ብዝተራእየ ደረጃ፡ ብጐንጽታትን ውግኣትን ተዋሒጡ ይርከብ። ሽግር ሶማል፡ ምስ ምውዳቕ ስርዓት ዝያድ ባረ'ኳ እንተጀመረ፡ ስዒቡ ኣብ መንጐ ፖለቲካዊ ሓይልታት ዝመጸ ናይ ስልጣን ቍርቍስ፡ ኣብ ዝለዓለ ደረጃኡ ምስ በጽሐ፡ ሶማል ከም ሃገር ፖለቲካዊ ማእከልነት ብምጥፋኣ፡ ኣብ ደረጃ ዘይምህላው በጽሐት። ጐንጺ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሰጊሩ ናብ ሶማል'ውን ብኣሉታ ከንጸባርቕ ተራእዩ። ኣፍሪቃ ኣብ መወዳእታታት ናይ መበል 20 ክፍለ-ዘመን ካብ ዝርኣየቶም ውግኣት፡ እቲ ዝጨከነ ውግእ ብምዃኑ፥ ነቲ ዞና ዝያዳ ሓዊ ኣእትይሉ ጸኒሑ። ይኹን'ምበር፡ ህልውና ሃገረ ሶማል ንምምላስ ዝዓለመ ስምምዕ ኣብ ጅቡቲ ድሕሪ ምስልሳሉ፡ ከምኡ ውን፡ ኣብ መንጐ ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ ኣልጀርስ ውዕል ድሕሪ ምኽታሙ፡ ኣብ ዞናና ናይ ሰላምን ርግኣት ክስተት ጩራ ከም ዝተራእየ ብሩህ ኢዩ። ይኹን'ምበር፡ እቲ ሓደጋታት'ቲ ናብ ዞናና ክምለስ ዝኽእለሉ ምናልባታት ኪስወረና ኣይግባእን። ምኽንያቱ፡ ብሓደ ሸነኽ፡ ነቲ ኣብ ሶማል ቆይሙ ዘሎ መንግስቲ ዝቃወሙ ሶማላውያን ሓይልታት ጌና ኣብ ቍርቍስ ብምህላዎም፤ ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ እቲ ኣብ ዞናና ወትሩ ግርጭታትን ውግኣትን ክጽሕትር ዝጸንሐ ስርዓት ኢሳያስ ጌና ኣብ ስልጣን ብምህላዉ፡ ንናይ ዞናና ርግኣትን ቅሳነትን ኪርብሽ ዝኽእል ሓደጋታት የንጸላልዎ ኢዩ።

ብኤርትራዊ ደረጃ ድማ፡ ጨቋኒ ስርዓት፡ ነቲ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት ዝነበሮ ኵነታት፡ ማለት ኣንጻር ሓደ ጐረቤት ድሕሪ ሓደ ብምሕንሓንን ብምትህርራምን፡ ንርእሱ ኰነ ንኽባቢ ናይ ዞና፡ ኣርሓ ምኳኑ ከረጋግጽ ዝዓለመሉ ህጥራንን ነፍሕን የብሉን። ኣብ ልዕሊኡ ዝወረደ ተኸታታሊ ውድቀታት ብውሽጥን ብደገን ንኵነታቱ ኣዝዩ ኣድኪምዎ፡ ንደገፍቱ ድማ ካብ ከባቢኡ ከምዝርሕቁ ገይሩዎም ኢዩ። ምስ'ዚ ዝተተሓሓዘ ፍልልያት እውን ኣብ ውሽጡ ጽዕጹዕ ናይ ስልጣን ቍርቍስ ኣብ ምክያድ እነሆ።

ብኣንጻሩ፡ ኵነታት ውድብና፡ ኣብ ድሮ ራብዓይ ጕባኤና ዝነበሮ ድኹም ኵነታት ኣይኰነን ዘሎ። ማለት፡ ጨቋኒ ስርዓት ኣብ ዞና ንዝነበሮ ጽልዋን ዝምድናታትን ተጠቒሙ፡ ኣብ ኵሉ ቦታታት ዝሃድነሉ ዝነበረ ሰዓታት ኣይኰነን። ሎሚ፡ ብኣንጻሩ እቲ ስርዓት ኢዩ ካብ ዞና ተነጺሉ ዘሎ። ውድብና፡ ካብ'ቲ ዘሕለፎ ጽንኩር ኵነታት ወጺኡ ህልውናኡ ኣጣጢሑ፡ ንርእሱ ድማ እንደገና ክሰርዕ በቒዑ። እዚ፡ ነቲ ስርዓት ኣብ እተፈላለየ መዳያት ንኽምክቶን፤ ኣብ ሓድነት ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ መሪሕ ግደ ንኽጻወትን ኣብቅዖ። ሎሚ፡ ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ሃገርና ካብ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንክትገላገል እትትስፈወሉ ኣካል ክኸውን ዝኸኣለ ድማ ስለዚ ኢዩ።

ራብዓይ ጠቕላል ሃገራዊ ጕባኤና፡ ኣብ ጥቕምቲ 1995 ካብ ዝፍጸም ንደሓር'ውን፡ ጨቋኒ ስርዓት ኣብ'ቲ ምስ ሓርነት መሬት ኤርትራ ጀሚሩ ዝሓዞ መርሆ ለውጢ ኣየርኣየን። እኳ ደኣ፡ ጭካነን ሕሰምን ብምውሳኽ፡ ምስ ኤርትራዊ ዜጋ ኣብ ዘለዎ ዝምድና፡ እቲ ልዕሊ ኵሉ ሓደገኛን ኣዝዩ ትሑትን ዝኾነ ኣገባባት ክሳዕ ምዝውታር በጽሐ። ኣብ ርእሲ'ቲ ናይ ትምክሕትን ትዕቢትን ናይ ሽበራን ፖሊሲታቱ፡ ከፋፊልካ ናይ ምግዛእ ስልቲ ብግልጺ ብምጥቃም፡ ኣብ መዋእል ሃገራዊ ተጋድሎ ዝተሃንጸ ሓድነት ህዝቢ ከዕኑ ጸዓረ። ነቲ ናይ ሃገርና ናይ ሃይማኖት ፍልልይን ተሃዋስነቱን ንህዝቢ ከምዝመቓቕለሉ ባእታ ድማ ኣዘውተሮ። ነዚ ዝገበረ፡ ንስልጣንን ንማእቶትን ኣብ ኢዱ ንምጭባጥ'ዩ።

ካብ መወዳእታ 1994 ዓ.ም ንደሓር፡ “ሱዳን፡ ኤርትራዊ ጅሃዳዊ ምንቅስቓስ ኣብ ኤርትራ ኣዕናዊ ስርሓት ንኸካይድ ትድግፍ ኣላ” ዝብል ሃንደበታዊ ክሲ ብምውርዋር፡ ምስ ሱዳን ንዝነበሮ ዝምድና ካብ ዝቈረጸሉ ንደሓር፤ ንኤርትራዊ ተቓውሞ፡ ከም ሸሪዓ ብምትካል፡ ንዘይእስላም ኤርትራውያን

ናብ ካልኣይ ደረጃ ዜጋታት ንምጽቃጥ ዝዓለመ ገይሩ ብምቕራብ፡ እቲ ስርዓት ኣብ መንጎ ክልተ ዓበይቲ ሃይማኖታት ናይ ሃገርና ጋግ ንምፍጣር፡ ኲነ ኢሉ ዝተኸተሎ ስልቲ ኰነ። በዚ መንገዲ’ዚ፡ ነቶም ኣብ ክርስትና ዝኣምኑ ኤርትራውያን፡ ካብ’ቲ ካልእ ስግኣት ከምዝሓድሮም ብምጽዓር፡ ተኸላኺሊ መሲሉ፡ ሕብረተ-ሰብኣዊ ናይ ስልጣን መደበሩ ንምግባሮም ዝዓለመ ስራሕ ኣካየደ። በዚ ግን ጠጠው ኣይበለን፤ እንታይ ደኣ፡ ንኣውራጃውነት እውን ከም ንህዝቢ ዝኸፋፍለሉን እቶት ዝሓፍሰሉን ካልእ መሳርሒ ተጠቕመሉ። እቲ ኣብ 2000 ዓ.ም ካብ ናይ’ቲ ስርዓት ኤምባሲ ኣብ ዋሺንግተን ዝወጸ ሰነድ ዝመስከሮ ነገር እንተደኣሃልዩ፡ ኣብ መንጎ ደቂ ዞናታት ሃገር መሰረተ-ኣልቦ ጥርጠራታት ንምስፋን ክሳዕ ክንደይ ዝኣክል ሰይጣናዊ መንገድታት ከምዝኽተል ኢዩ።

ውድብና ብመሰረት ሕብረተ-ሰብኣዊ ኣቋቑማኡን ሃገራዊ መስመሩን፥ ንኣቋቑማ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ሓለፋ ካልእ፡ ክብ ዝበለ ደረጃ ከምዘንጸባርቕ መጠን፡ ነቲ ጨቋኒ ስርዓት ዝንቀሳቐሰሉ ተንኰለኛ ተግባራት ንኽምክቶ ብቕዓት ሂብዎ ኢዩ። ናይ’ቲ ስርዓት መንነትን ሓሶታትን ብምግላጽ፡ ብዘይካ ንርእሱ ንኻልእ ዘይውክል ኣካል ምዃኑ ክምስክርን ድማ ኣኽኢልዎ ኢዩ። ናብ ሓደ ሃይማኖት ወይ ናብ ካልእ ቅርበት ከምዘለዎ ከምስል እንተፈተነ ከኣ፡ እዚ ኣብ ኲረሻ ስልጣን ንክቕጽል ዝዓለመሉ ናይ ፈላሊኻ ግዛእ ስልቲ ግድነታት ጥራሕ ምዃኑ’ውን ኣቃሊዕና። ምስ ናይ’ቲ ንኽቐውም ብምዕዳሙ ኲነ ብምጽዓሩ ውድብና ዘትረፎ ክብሪ፡ ምቛም ምሕዝነትን ሃገራዊ ቻርተሩን ንሓፈሻዊ ሓርነታትን፤ ሓርነት ሃይማኖታዊ እምነታትን፥ ብባህላውን ብሃይማኖታውን ብሕብረተ-ሰብኣውን ብዙሕነት ምእማን፡ ኣብ ኤርትራ ሃገራዊ ዜግነት መሰረት ግቡኣትን መሰላትን ምዃኑ ምቕባል፡ ነቲ ናይ ጨቋኒ ስርዓት ናይ ሓሶት ብሂላት ቅኑዕ መልሲ ኰነ።

ኣብ ለካቲት 1997፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንዝነደፎ ሕገ-መንግስቲ፡ ናብ’ቲ ፍርቂ ቍጽሪ ኩርስታትቱ ብኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ገዛኢ ፓርቲ ህግዲፍ እተታሕዘ ሃገራዊ ባይቶኡ ብምቕራብ፡ ብዘይ ገለ ክትዕ ኲነ ተቓውሞ ኣጽደቐ። ይኹን’ምበር፡ ከም’ቲ ሽዑ’ውን ዘጋለጽናዮ፡ ዋላ’ኳ ብቕያሱ እተነድፈ እንተኾነ፡ ነቲ ሕጊ’ቲ ኣብ መዝገብ ርሱዓት ደኣ ኣእተዎ እምበር ኣብ ግብሪ ኣየውዓሎን። ንዲሞክራሲ ዝጠልብ ድምጽታት ካብ ውሽጢ’ቲ ገዛኢ ፓርቲ ክሳዕ ዝትንስእ ከኣ፡ እቲ ሰነድ’ቲ ካብ ክእክቦ ዝጸንሐ ደሮና ኣይተናገፈን ጸኒሑ።

ብሓቂ፡ እቲ ስርዓት ኣብ’ቲ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝገበሮ ግጥምያ ዘኻነፎ ስዕረታትን፥ ምስኡ ተታሓሒዙ ዝመጸ ኣስካሕካሒ ኵነታትን፥ ንብዙሓት ኣባላት ናይ’ቲ ፓርቲ ተሰዊርዎም ንዝነበረ ወይ ንኸይርእይዎ ይመርጹ ንዝነበሩ ሓቅታት ንኽርእዩ ኣዒንቶም ከፊቱ ኢዩ። ህዝብና ብመላኡ ሕፍረት ክስምዮ እንከሎ፡ እቲ ስርዓት ግን፡ ነቲ ዝሰዓረ ሽነኽ ዘቕረቦ ቅድመ-ኵነታት ተምበርኪኹ። 25,000 ኪሎ ሚተር ትርብዒት መሬት ኤርትራ፡ ንኽልቲኡ ሰራዊታት መፍለዩ ዘገልግል፡ ኣህጉራዊ ሓይልታት ዝቈጻጸሮ ግዝያዊ ጸጥታዊ ዞና ንክኸውን ከኣ ተሰማምዐ። ሰራዊት ኢትዮጵያ ከኣ፡ ስድሪ ካብ መሬቱ ሕድገት ከይገበረ፡ ኣብ መስመር ዶብ ክልቲኡ ሃገራት ከም ዝዝርጋሕ ኰነ።

ናይ ሰነ 2001 ዓ.ም ስዕረት፡ ነቲ ስርዓት ዕውልውል ክሳዕ ዝብሎ ዘነቓነቖን፥ እቶም ንሓሶታቱ እተገዝኡን ዝዓለልሉን ዘጣቕዕሉን ደገፍቱ ኣብኡ ዝነበሮም እምነት ከምዝስእኑ ዝገበረን ምንቅጥቃጥ ነይሩ። እቲ ናይ ስዕረት ስንባደ ንቐልቢ’ቶም ንሕልናኦም ኪውከሱ’ሞ ናብ ህዝቦም ከዘንብሉ ንዝተገብረሎም እተደጋገመ ምሕጽንታታት እናነጸገ፡ ናይ ዲክታቶርያዊ ገዛኢ መርሆ ከለስቲ ሓሳብን ናይ ጌጋታቱ መመሳመስትን ኲይኖም ናይ ዝነበሩ ገለ ምሁራን ኤርትራውያን ቀልቢ እውን ዝኸሰተ ይመስል። እቶም ምሁራን እቲኣቶም፡ ድሕር’ቲ ዝተረኸበ ስዕረት፡ ንተግባራት ናይ ስርዓት ኤርትራ ብምረት ክነቕፉን፥ ስልጣን ኣብ ኢድ ፕረሲደንት ጥራሕ ተማእኪሉ ምትራፉ ብምቅላዕ፡ ኣድላዪነት ናይ ፖለቲካዊ ብዙሕነት ዲሞክራስያዊ ስርዓት፡ ምርግጋጽ ሃገራዊ ዕርቅን ንምጽዋዕ ክጽሕፉ ተረኺቡ። ብዘይ ጥርጥር፡ እዞም ኣብ ልዕሊ’ቲ ስርዓት ዝተገልበጡ ዝመስሉ ሰባት፡ ነዚ ዝገብሩ ዘለዉ፡ ካብ ሓደ መበገሲ ዝተላዕሉ ኣይኰኑን።

ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ዝተራእየ ፍሉይ ምዕባለ ድማ፡ ሓደ ክንፊ ካብ ህግዲፍ፡ ንናይ ውልቀ-ሰባት ኣገዛዝኣ ብጋህዲ ዝጻረር ሸነኽ ምቕልቃሉ ኢዩ። እዚ ክንፊ'ዚ፡ ኣብ ምድኻም ናይ'ዚ ስርዓት'ዚ፡ ግዲኡ ከበርክት ምእንቲ ኪኽእል ድማ፡ ንህዝብን ሃገርን ኣብ ዝምልከት ኣገደስቲ ጕዳያት፡ መርገጻቱ ብንጹር ኪገልጽ ይጥለብ። እዚ ምስ ዝገብር ጥራይ ኢዩ ድማ፡ ፖለቲካዊ መንነቱ ብሩህ ዝኸውን፤ ቃልስታቱ ድማ፡ ናይ ስልጣን ቀ'ርቀ'ስ ጥራይ ከምዘይኰነ ዝረጋገጽ።

ምእንት'ዚ ምስ'ዚ ምቅይያራት'ዚ፡ ብብስለት ምቅብባል ንምግባር'ሞ ንጕዳይና ብዘገልግል ኣገባብ ንምትሕሓዙን መታን ኪከኣል፡ ነቲ ከም ናይ ግንቦት 2000 ስዕረት ውጽኢት ኰይኑ፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ስርዓት፡ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ዝመጸ ምቅይያራትን፥ ናይ ሰፊሕ ህዝቢ ኤርትራ መድረኽ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ደቂቕን ዓሚቝን መጽናዕቲ ምግባር ኣገዳሲ ይኸውን። ብኻልእ ወገን፡ እታ ብመግዛእታዊ ውግእ ንዝተባረሩን ንዝተበታተኑን ደቃ ክትሓቍፍ ትጽቢት ዝተገብረላ ሃገር፡ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ህዝባዊ ግንባር፡ ናብ ናይ ውግእ እቶናት ምስ ተነቕ'ተት፡ ዜጋታትና፡ መስርዕ ሰራዊት ኰነ መደበራት ናይ ታዕሊም እናራሕርሑ ናብ ሱዳንን ናብ ካልእ ናይ ዓለም ናይ ስደት ዞናታት ብኣሽሓት እናወሓዙ ራሕርሑዋ። እተባህሉ መንእሰያት ንውግኣት ናይ'ቲ ስርዓት ምንጻጎም ዘርእዮ ነገር እንተደኣሃልዩ፡ ጨቛኒ ስርዓት ዝሕዞ መርገጻቱን ምርጫታቱን ቅንዕና ከምዘለዎ ንምዕጋብ ከምዝፈሸለ ኢዩ። ብኻልእ ገጹ፡ እዚ ተርእዮ'ዚ፡ ኣብ ቅድሚ ናይ ተቓውሞ ውድባት፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ቅድሚ ውድብና ሓድሽ መኸተታት ዘቕረበ ኢዩ።

እዞም ካብ ሰልፊ ናይ'ቲ ስርዓት ዝሃድሙ ዘለዉ መንእሰያት፡ ብዘይካ ህዝባዊ ግንባርን ንሳ ዘስረጸቶን ካብ'ቲ ንመዝገብ መሪሕ ውድብ ተሓኤ ዝጠምዘዘን ዝጸየቐን መጻሕፍታ ዘንበብዎን ካልእ ዝፈልጥዎ የብሎምን። እዚኣቶም ኣብ መጀመርታ ናይ ስደት ስጕምቶም ጽላልን ምትታይን ዘድልዮም ኣብ ርእሲ ምኻኑ፤ ሓቅታት ንምጭባጦምን ኣብ'ቲ ንመዋእል ጨቛኒ ስርዓት ብምሕጻር ንስቅያት ህዝቢ ንምልጋስ ንገብሮ ዘሎና ተጋድሎ፡ ዝንባሌኦምን ሱታፌኦምን ንምኽሳብ ብሩህን ውሱንን ብዝኾነ መደብ ምስራሕ ከድልየና ኢዩ።

ብምጣነ-ሃብታዊ ደረጃ፡ መንግስቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት፡ ነቲ ፓርቲ ናብ ዝዓበየ ወናኒ ርእሰማል ኪኸውን ንምግባር ኣብ ዝተፈለለየ መዳያት ሃገራዊ ምጣነ-ሃብቲ ንዘለዎ ምቍጽጻር ካብ ምትራር ሓሊፉ ካልእ ዝፈጸሞ ቍምነገር ከቶ የልቦን። እቲ ቅዋማት'ቲ፡ ንማእቶታዊ ትካላት ገዛኢ ፓርቲ ንምክልኻል ብዝፈጠሮ ተጽዕኖን ዕንቅፋታትን ሃገራዊ ኰነ ደጋዊ ናይ ርእሰማል ዘርኢ ካብ ኤርትራ ከምዝዕገት ኰነ። ብዘይካ'ዚ፡ ብርሰት ወይ ብልሽውና ኣብ ውሽጢ ትካላትን ኣካላትን ናይ መንግስቲ ኪሕባእ ክሳዕ ዘይክእለሉ ደረጃ ምስፍሕፋሑ ተጋህደ። ስለ'ዚ ድማ ነይሩ፡ ንቝጥዐ ህዝቢ ንምግታእ ብዝብል ምስምስ፡ ኣብ ሚያዝያ 1996 ፍሉይ ናይ ፍርዲ ኣካል ዘቜመ።

ብኻልእ ወገን፡ መንግስቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ንንዋትን ኣፍራዪ ሰብኣዊ ሓይልን ናይ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ናይ ወራር ውግኣቱ ኣባኺኖ። ኢትዮ-ኤርትራ ውግእ ድሕሪ ምብራዑ፡ ዋጋ ናቕፋ፡ ብመንጽር ዶላር ዝነበሮ ዋጋ ብ50 ካብ ሚኢቲ ወደቐ። ቍጽሪ ስራሕ ዘይብሎም ደየበ። ጥሜት ከኣ፡ ንሰፊሕ ዞናታት ናይ ኤርትራ ኣጥቅዐ። ደረጃ መነባብሮ ህዝብና ድማ፡ ካብ ክፉእ ናብ ዝኸፍአ ተሰጋገረ።

ናይ 1994 ናይ መሬት ሕጋጋት ኣብ ግብሪ ምውዓሉ፡ ምጣነ-ሃብታዊ ሃሰያታት ኣብ ምምጻእ ጥራይ ኣይተወሰነን፤ ሓደገኛ ዝኾነ ሕብረተ-ሰብኣውን ፖለቲካውን ምትፍናናት'ውን ወሊዱ። ኣብ ጋሽ፡ ገዛኢ ፓርትን ሰዓብቱ ዝኾኑ ሰብ ርእሰማልን ንስቡሕ መሬት ካብ ዋናታቱ መንዚዖም፡ ንሕቶ ካሕሳ ወይ መተካእታ ቦታ ብዘይህብ መንገዲ ምስ ሓዙ፥ ኣብ'ቲ ዞና፡ ቦታውን ብሄራውን መልክዕ ዝሓዘ ተቓውሞ ከም ተጻይ መልሲ ተላዕለ። እዚ፡ መሬቱ ካብ ጕበጥቲ ሓራ ከውጽእ ዝጠልብ ዘሎ ምንቅስቓስ ኰይኑ፤ ሳዕቤኑ ግን፡ ኣብ'ዚ ጠጠው ከይበለ፥ ኣብ መንጐ መሬቶም እተዘርፉን፡ ኣብ መንጐ'ቶም መሬት ዝተዋህቦም ካብ ካልእ ዞናታት ዝመጹ ዜጋታትን ሕብረተ-ሰብኣዊ መዘዝ ዘለዎ ምስሕሓባት እውን ወሊዱ ኣሎ። ከምኡ ውን፡ ኣብ ከባቢ ከተማታት ናይ

ዝርከብ ዓድታት መሬት፡ ደላራት ንዝውንኑ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ንመሸጣ ምውራዱ፡ ኣብ መንጎ ተቐማጦ ናይ'ተን ዓድታት ዓሚቑ ምረት ኣብ ርእሲ ምፍጣሩ፥ ነቲ ዝካየድ ዘሎ መሬት ናይ ምግባት ስርሒታት ግሉጽ ተቓውሞ ዘለዓዓለ ተርእዮ ኢዩ።

ኣንጻር'ቲ ናይ ልምዓት ዕብየት ደረጃ ሃገርና ዘውረደን፡ ደረጃ መነባብሮ ህዝብና ዝሃረመን፡ ጨቋኒ ስርዓት ዝሓዞ ምጣነ-ሃብታዊ ቅዋማት፡ ናይ ውድብና ተቓዋሚ መርገጽ ብሩህ ኰይኑጸኒሑ። ናይ መሬት ሕጋጋት ምስ ተኣወጀ፡ ውድብና ብኡ ንብኡ ገጠሞ። ንዋንነት ህዝቢ ኣብ ልዕሊ መሬት ከኣ ኣረጋገጸ። ዝኾነ ስልጣን ንመሬት ካብ ሕጋውያን ወነንቱ መንዚዑ፡ ንዘይግብኦም ኪዕድል መሰል ከምዘይብሉ ድማ ኣርኣየ። ብዛዕባ መሸጣ መሬት፡ ደላራት ንዝውንኑ ኤርትራውያን ብዝምልከት፡ ሰውራዊ ባይቶ ብዝሃቦ መምርሒ መሰረት፡ ፈጻሚ ሽማግለ ብዘውጽኦ ኣዋጅ ኣቢሉ፡ ውድብና ንመርገጹ ብሩህ ገይርዎ ኢዩ። ኣዋጅና፡ ንዘይሓላፍነታዊ ተግባራት ናይ'ቲ ስርዓት ኰኒኑ ጥራይ ዘይኰነስ፥ ነቶም መሬት ካብ ዘይውንን ስልጣን ንምግዛእ ዝደልዩ እውን ብሩህ ስምዕታታት ኪፍኑ ጸኒሑ። ውድብና፡ ብዛዕባ ናይ መሬት ሕቶ ዝሓዞ ቅዋምን ዘውጽኦ መግለጽታትን ኣብ ህዝቢ ደገፍ ከምዝረኸበ ከኣ ርኢና።

## ዝምድና ጨቋኒ ስርዓት ምስ ጐረባብቲ ሃገራት

ድሕሪ ውድቀት ሶቭየት ሕብረት፡ ሚዛን ሓይሊ፡ ንጥቕሚ እታ ሓንትን ሓያልን ኣህጕራዊት ሓይሊ ዝኾነት ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ ዘንበለ። ንሳ ድማ ኣብ ዝተፈላለየ ኵርንዓት ናይ ዓለም ተወዳዳሪ ዘይብሉ ዓብላልነታ ንምርግጋጽ ተጓየየት። ስትራተጂካዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎ ዞና ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ነቶም ናይ ጥቕማ ዋርድያ ክኾኑላን መደባታ ኪፍጽሙላን ትጽቢት ዝገበረትሎም መራሕቲ ሃገራት፡ ሓድሽ ወለዶ ናይ ኣፍሪቃ መራሕቲ ዝብል ስያመ ሃበቶም። ናይ ኤርትራ ገዛኢ ሓደ ካብዚኦም ነበረ። እዚ ኣካል'ዚ ንስርዓቱ ዘድልዮ ዑቕባን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንተራ እስራኤል ኪጻወት ዝነበሮ ህርፋን፡ ምስ'ቲ እስራኤልን ኣመሪካን ኣብ ዞናና ንመደባተን ዝፍጽመለን መሳርሒ ንምርካብ ዝነበረን ድሌትን ተጋጠመ። ብሓደ ወገን፡ ምስ ደገፍቲ ቃልሲ ህዝብና ዝኾና ጐረባብቲ ሃገራትን ናይ ከባቢና ሃገራትን ጐንጺ ምጽሕታር፤ ብካልእ ወገን ድማ፡ ተጻረርቲ መሰል ርእሰውሳኔ መሰል ህዝብናን መሰረታዊ ደገፍቲ ጸላእቲ ሰውራናን ምስ ዝኾነ ሸነኻት ምምሕዛውን ዝመጸ ሓደገኛ ተርእዮ ከኣ በዚ ከምዚ ነበረ። እቲ ስርዓት፡ ዞናዊ ሓይሊ ንምዃን ዘኽእሎ ጽላል ንምርካብ ዝኸፈሎ ዋጋ እንከ፡ እምብዛ ክቡ ዝበለ ኰነ።

ካብ ራብዓይ ሃገራዊ ጕባኤ እናወጻእና እንከሎና፡ ጨቋኒ ስርዓት፡ ኣንጻር ካልእ ጐረቤት ሓድሽ ቅልውላው ብምፍጣር ካልእ ሃንደበት ከምዝፈጥረልና ዝዝከር'ዩ። ምስ ሱዳን ዝምድናኡ ቈሪጹ ናብ ሕኑን ጸላኢ ድሕሪ ምቕያር፡ ኣብ ዓመቱ ምስ የመን ምስሕሓብ ጸሒተረ። ምስኡ ብምትሕሓዝ ድማ ሕቶ ልዑላውነት ደሴታት ኣልከቢር ሕኔሽ ኣልዓለ። ስርዓት ኤርትራ ኣብ ወርሒ፡ ኣብ ታሕሳሳ 1995፡ ሰራዊቱ ኣኸቲቱ ኣብ ዓባይ ደሴት ሕኔሽ ውግእ ምስ ኣጕደ፡ ውድብና ብዛዕባ'ቲ ጐንጺ መትከላዊ መርገጹ ኣወጀ። ንብረታዊ ፍታሕ ብምንጻግ ድማ፡ ነቲ ዘስሓሕብ ጕዳያት ብሰላማዊ መንገዲ ክፍታሕ ጠለበ። ክልቲኡ መንግስታት ናብ ጠረጴዛ ዝርርብ ኪቐርብ፡ ናብ መጨረሽታ ብይን ክሳዕ ዝርከብ ድማ ንቱንታት ናብ ቅድሚ ውግእ ዝነበሮ ንኽመልሶ ጸውዐን ኣማሕጸነን።

ከም'ቲ ንየመን፡ ከምኡ ከኣ ነታ ዝቐረበት መሓዝኡ ዝነበረት ኢትዮጵያ ብምጽባእ፡ ኣብ ግንቦት 1998 ንሓይልታቱ ናብ'ታ ኢትዮጵያ ከተመሓድራ ዝጸንሐት ባድመ ብምእታው ሃንደበት ወደቓ። ኣብ'ዚ ተረኽቦ'ዚ እውን መርገጽና ካብ'ቲ ኣንጻር የመን ኣብ ዝተወልዐ ውግእ ዝሓዝናዮ መርገጽ ዝፍለ ኣይነበረን። ናይ ፈጻሚ ሽማግለ፡ ናይ 23 ግንቦት 1998 ዝወጸ ኣዋጅ፡ ባድመ ብሕጋዊ ዓይኒ ኣካል ልዑላዊ መሬት ኤርትራ ክትከውን ከምዝግባእ እናኣረጋገጸ፡ ነዚ ዝስዕብ መሰረታዊ ነጥብታት ኣስፈረ።

1. ናይ ዶብ ምስሕሓብ ብወተሃደራዊ መንገዲ ዘይኰነስ ብዝርርብ ጥራሕ ከምዝፍታሕ ምርግጋጽ፤ ዓመጽ ንዘጥቀም ምኹናን።

2. ናይ ክልቲኡ ሃገራት ሓይልታት ካብ ኣስሓሓቢ ዝኾነ ዞናታት ምስሓብ። ደምዳሚ ፍታሕ ክሳብ ዝግበረሉ ከኣ፡ ክልቲኡ ወገናት ብዝተረዳዳኣሉ ኣገባብ ክመሓደር ኪጸንሕ ምግባር።
3. እቲ ኣሰሓሓቢ ዝተባህለ ጕዳያት መሬት ዶብ ብዝምልከት፡ ክልቲኡ ሃገራት ዝውንኖ መርትዖታት ናብ ኣህጕራዊ ቤት ፍርዲ ኪቐርብ። በቲ ቤት ፍርዲ ንዝውሃብ ብይን ክምእዘዝ ከኣ ቅሩብነቱ ከረጋግጽ።
4. ኣብ ናይ ሕድሕድ ሃገር ዝቕመጡ ዜጋታት ክልቲኣን ሃገራት ከም ቀደሞም ኣብ ዶብ ብናጻ እናሰገሩ ኪንቀሳቐሱን ክንሰዩን።
5. ንጕንጺ ብምብላሕ ናብ ውግእ ከምርሕ ካብ ዝኽእል ቃላትን ተግባራትን ምቝጣብ።

ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ “እቲ ጕንጺ ብኣጋ እንተዘይተገቲኡ፡ ናቱ ቅልውላው ብቕልጡፍ ናብ ሓደገኛ ባርዕ ኪምዕብል ኪኽእል ኢዩ፤ ከም’ዚ እንተኾይኑ ድማ፡ ናይ’ቲ ኣዕናዊ ውግእ ግዳይ ዝኸውን ክልቲኡ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኪኸውን ኢዩ” ኪብል ውድብና ዝገበሮ ስምዕታ ነዊሕ ከይከደ ብተግባር ተራእየ። ኰይኑ ድማ፡ ናይ ዶብ ተባሂሉ ዝተፈልጠ ጕንጺ፡ ብሰንኪ ትዕቢትን ግትርነትን ገዛእቲ ኤርትራ ኰይኑ፡ ንዝቐረበ ፍትሓት ምንጻጎም ብኡ ንብኡ ናብ ዓማምን ነዊሕን ውግእ ተባርዐ፤ ህዝብና ድማ ሰፍ ዘይብል ዋጋኡ ከፈለ።

መትከላዊ መርገጽና ኣብ ውግእ የመን ይኹን ኢትዮጵያ፡ ንስርዓት ኢትዮጵያ ኣይተቐበሎን ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ኵሎም እቶም ኣዒንቶም ዓሚቶም ደድሕሪኡ ዝኸዱን፥ ኣብ ልዕሊ ጕዳያት ዘለዎም ትምክሕታዊ ኣመለኻኽታ ዘዕወሮምን ዜጋታት፡ እቲ ዝለዓለ ክስታትን ዝረኸሰ ቃላትን ኣብ ልዕሌና ወርወሩ። ግን’ከ፡ እቲ ዝሰጋእናሉን ዝሰማዕናሉን ሓደጋታት ምስ ወረደ፡ ኵሎም እቶም ቀልቢ ዘለዎም፡ ንዕምቈትን ራሕቅን ኣመለኻኽታ ውድብና ክርእዩ በቕዑ። እንሆ ድማ፡ ብዙሓት ካብ’ቶም ብመግለጺታትና ዘእውዩ ዝነበሩ፡ ሎሚ፡ ንትሕዝቶን መልእኽትን ናይ’ቲ ዝነጽግዎ ዝነበሩ ኣዋጃትና ብዝተፈላለየ ኣበሃህላታት ክጽሕፍዎን ከንጸባርቕዎን ንምርኣይ በቒዕና።

## ኣህጕራዊ ዝምድናታት

ድሕሪ ራብዓይ ጉባኤና፡ ማእከል ምንቅስቓስና ናብ ሃገርና ዝቐረበ ኰይኑ ጸኒሑ። ከም ውጽኢት ናይ ጽልኢ ፖለቲካኡ፡ ጨቋኒ ስርዓት ኣብ ዞናና ስለዝተነጸለ ድማ፡ ውድብና ኣብ ሱዳን፡ ኣብ የመን፡ ኣብ ኢትዮጵያ ህልውናኡ ከረጋግጽ ን ትካልቱ ክሰርዕን ሓጊዝዎ ኢዩ። ብመሰረት መርሆ ፖለቲካዊ ውድብና ከኣ፡ ንጥፈታትና ኣብ ሃገራት ዞናና ኰነ፡ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ተኻይዱ። ተርኽቦታት ዝሓለፈ ዓመታት ንንጥፈታት ውድብና ኣብ ዞናና ብሰፊሑ ተቐባሊ ኰነታት ሂብዎ ኢዩ። ስለ’ዚ ድማ፡ ናይ ዝምድና ምንቅስቓሳትና ኣወንታዊ ውጽኢት ከርኢ ክኢሉ። ዝምድናና ዝዓበየ እቶት መታን ክህልዎ ድማ፡ እዚ መዳይ’ዚ ክብ ዝበለ ኣገዳስነት ክውሃቦ ዝግባእ ኢዩ።

ካብ’ዚ ወጻኢ፡ ኣብ ምዕራብ ኣብ ዝኸደ ንጥፈታትና፡ ኣብ ሶሽያሊስት ኢንተርናሽናል ኣባልነት ንምኽሳብ ጸዓታት ኣብ ምግባር ጸኒሕና ኢና። ዕላማኡ ከኣ፡ ናይ ውድብና ክብ ብምባል፡ ንሓሳባትና ሰፊሕ ናይ ንጥፈት መድረኽ ንምትሕሓዝ ምሕዝነታዊ ሓገዝ ንምርካብ መታን ክንክእል ኢዩ። ኣብ ክሊ’ዚ ጸዓት’ዚ፡ ናይ ሶሽያሊት ፓርትታት ፈረንሳ፡ ስዊድን፡ ጀርመን ዴሳዊ ፓርትታት ንጠለብና ክሕለቕሉ ፍቓደኛታት ምኻኖም ቃል ኣትዮምልና ጸኒሖም። ካብ ካልኦት ፓርትታት ውን፡ ብደረጃ ተዓጢፍ ክምዘን ዝከኣል ቅርበት ክንበጽሕ ክኢልና። ብዘይካ’ዚ፡ ቅድም ኪብል ምስ ዓርኪ ስርዓት ኤርትራ ዝጸንሐ ናይ ጀርመን ሓምላይ ፓርቲ፡ ፍልልያትና ከነጻብብን ናይ ርክብ መስኖ ክንከፍትን ጥራይ ዘይኰነ፥ ንዝምድናና ከነማዕብሎ ኣብ ምርድዳእ በጺሕና፡ ኣብ ምክትታሉ ንርከብ። ነዚ ዝምድናታትን ኣፍደገታትን’ዚ፡ ናይ ምምዕባልን ምዕሟቕን ሕቶ ከኣ፡ ኣብ ቅድሚና ዘሎ ዕማም ይኸውን።

ኣብ ወርሒ ሰነ 2001፡ ዲፓርትመንት ኦፍ ስተይት፡ ምስ ልኡኽ ውድብና ክራኸብን ንሓሳባትና ክሰምዕን ምውሳኑ፡ ንገዛእ ርእሱ ኣወንታዊ ምልክት ኰይኑ ረኺብናዮ። ኣብ ዝተኻየደ ርኽክብ

ሒዝናዮ ዝወጻእና ተረድኦ'ውን ምስ'ቲ ድሒሩ ሓድሽ ናይ ኣመሪካ ኣምባሳደር ኣብ ኤርትራ ንዲሞክራስያዊ መስርሕ ንቕድሚት ንምድፋእ ተዋሂቡኒ ዘሎ ቀዳማዊ ዕማም ኢዩ ኪብል ኣብ ሰነይት ምስ ዘቕረቦ መግለጺ ዘሳኒ ምንባሩ ርኢና። ነዚ ብዝያዳ ንምምዕባል ስራሕ ከምዝጽበየና ንግንዘብ። ሕቶ ዝምድና ምስ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ ኣገዳስነት ክንህቦ ዝግባእ ጉዳይ ኰይኑ ኣብ፡ ኣብ ናይ ሕድሕድ ምክብባር ሰረት ዝተሃንጸ፡ ናይ ሓባር ጥቕሚ ዝጠመተ፡ ንናጻ ፖለቲካዊ ውሳኔና ብዘዕቅብ ኪኸውን ከኣ፡ መሰረታዊ ኣገዳስነት ኣለዎ።

ብመሰረቱ ግን፡ ኣህጕራዊ ንጥፈታትና ብደረጃ'ቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝህልወና ሓያልነት ዝተኣሳሰረ ብምዃኑ፡ ነቲ ንሕና እነቕርቦ ስእሊ ዘሰኒ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘይምርግጋእ ዘመልክት፡ ኣብ ሰጥሒ ዝተጋህደ ብውድብና ይኹን ብኻልእ እተመርሐ ህዝባዊ መልክዕ ዝሓዘ ተቓውሞ ከይተራእየ ምጽናሑ፡ ኣብ ኣህጕራዊ መድረኽ ኪህቦ ዝጸንሐ ግጉይ ምስሊ፡ ህዝቢ ነቲ ስርዓት ከም ዝድግፍ፡ ተቓውሞ ዝበሃል እንተደኣሃልዩ ከኣ፡ ኣብ ወጻኢ ኣብ ገለገለ ከባቢታት ጥራይ ምዃኑ ዝመስል ኢዩ። ንሕና፡ ህዝቢ ኣብ ጐድኒ ናይ'ቲ ስርዓት ከምዘየሎ ንገንዘብ ደኣ'ምበር፡ ኣብ ዝኾነ ጕዳይ ብዝኾነ መልክዕ ኣብ ደረጃ ቅሉዕ ገጽ-ንግንባር ግጥምያ ዝደየበ ከምዘይኰነ ግን ጥርጥር የልቦን። ህዝብና ንተቓውሞኡ ብግልጺ ከንጸባርቕ ዘይከኣለሉ ከኣ፡ ሽበራውን ጨፍላቕን ኢድ ናይ'ቲ ስርዓት ስለዝኸበዶን፥ ናይ ተቓውሞ ናይ ውደባ ጸገም ስለዝጸንሐን ምዃኑ ከነለልዮ ንኽእል።

ምስ ናይ ሕቡራት መንግስታት ትካላት፡ ብፍላይ ድማ፡ ምስ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ላዕለዋይ ኮሚሽን፡ ናይ እንካን ሃባን መስኖታት ክንከፍት ጸኒሕና። እዚ ኣወንታዊ ፍርያት ዝሃበና ንጥፈት ኰይኑ ድማ ረኺብናዮ። ምእንት'ዚ፡ ምስ'ዘን ትካላት እዚኣተን ንዝተፈለመ ስራሕ ንምምዕባል፤ ምስ ዝተረፉ ትካላት ድማ ተመሳሳሊ መስኖታት ንኽንሰርሕ ምጽዓር፡ ዓቢ ኣገዳስነት ክውሃቦ ዝግባእ መዳይ ኢዩ።

እንተ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ስነ-ጽሑፋትና ከምዝበጽሖ ንምግባር ክንነጥፍ ጸኒሕና ኢና፡። ካብ'ዚ ዝያዳ ዝቐረበ ዝምድና ክንፈጥር ዘይምኽኣልና ግን ክንእመነሉ ካብ ዘሎና ጕድለታት ሓደ ኢዩ። ይኹን'ምበር፡ ምስ ዝተፈላለየ ኣብ ስልጣን ዘሎ ይኹን ኣብ ተቓውሞ ዝነጥፍ ናይ ሃገራት ኣፍሪቃ ጸጋማውን ዲሞክራስያውን ሓይልታት ናይ ሓበሬታታት ናይ ሓሳባት ምልውዋጥ መስኖታት ኣሎና። ንኪዓሙቕ ድማ፡ ዕድል ዘለዎ መዳይ ኰይኑ ንረኽቦ። ናይ ሃገራት ዓረብ ምትእስሳር (ጃምዓ ኣልዓረብያ) ከም ዞናዊ ውድብ ጻዕርታት ዘይተገብረሉ ካልእ ዓውዲ ኢዩ።

ስርዓት ህግዲፍ፡ ናይ ሰላም ውዕል ምኽታሙን፡ በቲ ውዕል ክሳዕ ሓደ ደረጃ ምምእዛዙን ብመጠኑ ካብ ተነጽሎ ኣውጺእዎ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ብተ፟ኸታታሊ ምስ የመን፡ ምስ ሱዳን፡ ቀጺሉ ውን ምስ ጂቡቲ ስልታዊ ርክባት ኪገብር ምፍታኑ ርኢና። ግን'ከ፡ ንውሽጣዊ ተቓውሞ ናብ ሰጥሒ ከነምጽኦ ኣብ እንኽእለሉ ደረጃ፡ ኣብ ህዝቢ ኰነ፡ ኣብ ኣህጕራዊ ሕብረተሰብ ካብ ዘለዎ ተነጽሎ ክወጽእን እንደገና ተኣማንነት ኪህልዎ ከም ዘይክእልን ርግጽ ነይሩ። ጨቋኒ ስርዓት፡ ዋላ ነቲ ዝኸተሞ ውዕል ተጠቒሙ፡ ምስ ኢትዮጵያ ንዝነበሮ ዝምድና'ውን ኪጽግን ከምዝፍትን ጥርጥር የልቦን። ግን'ከ ብሚዛና፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝምድና'ቲ ዝፈጸሞ ቅትለት ብኣጋ ንክሓዊ ግምት ኪህሉ ኣይክእልን። በቲ ገለገለ ሃገራት ኪገብርኦ ዝኽእላ ድፍኢታትን ተጽዕኖታትን ተመኹልዩ ግን ሰላም ንምዕቃብን፥ ኣብ ጕዳያት ሕድሕድ ጣልቃ ዘይምትእትታትውን ኣብ ትሕቲ ዝብል፡ ንናይ ሕድሕድ ተቓወምቲ ኣብ መሬት ሕድሕድ ደጀናዊ ቦታ ናብ ዘይምፍቃድ ...ወዘተ ዝዓይነቱ ስምምዓት ንምብጻሕ ኣይከኣልን ኢዩ ንምባል ኣሸጋሪ ኪኸውን ይኽእል። እቲ ምናልባታት'ቲ ኣብ ዝመጽሉ፡ እተን መንግስታት እንታይ ዝመስል ፖሊሲታትን ሜላታትን እየን ክሕዛ ዝኽእል ክርኢ ዝኽእል መጽናዕቲ ከድሊ ኢዩ። ብጠቕላላ ግን፡ ናይ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ሕቶ፡ ኤርትራዊ ጕዳይ ጥራይ ዘይኰነ፡ ዓለም-ለኻዊ ሕቶ ኰይኑ እናነሃረ ዝመጸ ማዕበል ምዃኑ ንርዳእ።

## ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ

ድሕሪ ራብዓይ ጉባኤ፡ ውድብና ነቲ ሒዝዎ ዝወጸ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ኣብ ምግላጽን፡ ኣብ ምንጽብራቕን ተዋፊረ። ብዘይካ'ቲ ንዲሞክራሲ ዝጻረር ሓፈሻዊ ንጥፈታት መንግስቲ ህግዲፍ፡ ንመደባትና ኪጥቀስ ዝከኣል ዕንቅፋት ኣየጋጠሞን። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ፕሮግራምና ኣብ ኣባላትና ብፍላይ፡ ኣብ ህዝብና ድማ ብሓፈሻ፡ ተቐባልነት ረኺበ። ናይ ህግዲፍ ናይ ውሽጥን ናይ ወጻእን ቅዋማቱ ኣዕናዊ፥ ኣብ ኲሉ መዳያት ከም መርሆ ከም ስነ-ምግባር እንግዳዓኡ ዝቐልዐ ዲክታተርያዊ ስርዓት ምኻኑ ንህዝቢ ኣርእይዎ ኢዩ። ብመንጽር'ዚ ክውንነት'ዚ፡ ፕሮግራምና ንክውንነት ሃገርናን ሽግራቱን ክሳዕ ክንደይ ዝቀባበል ጐድንታት ከምዝውንን ብሩህ እናኾነ ምምጻኡ ድማ ተራእዩ። ንዲሞክራስያዊ ስርዓት ጠጠው ምባል፡ እቲ ሓደ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ መዋጽኦ ምኻኑ ከኣ ህዝብና ኣረጋጊጹ ተገንዚብዎ ዘሎ ሓቂ ኢዩ። ካብ'ዚ ሓሊፉ'ውን፡ ኣባላት ህግዲፍ ንባዕሎም፡ ንስርዓት ኢሳያስ ብዲክታቶርነት ኪኸስዎ ይርከቡ። ዋላ'ኣ` እዚኣቶም መብዛሕታኦም ብውሽጢ'ቲ ስርዓት ንዝመጽእ ጽገናታት ዝጥምቱ እንተኾኑ፡ ናይ'ቲ ስርዓት ናይ ውድቀት ሰዓታት ብቕልጣፈ ይሃርም ምህላዉ ዘመልክት ኢዩ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ንናይ ሓደ ሰብ ምልካዊ ስርዓት ዝጻረር ናይ ህግዲፍ መንግስቲ ክንፊ፡ ድምጹ ከስምዕ ምጅማሩ፡ ኣብ ኤርትራዊ መዳይ ኣወንታዊ ምዕብልና ኢዩ። ኣብ ምድኻም ናይ'ቲ ምልካዊ ስርዓት ተራ ኪህልዎ ከምዝኽእል ውን ንርኢ። ይኹን'ምበር፡ ብንጹር ፖለቲካዊ መንነቱ ንምልላይ መታን ኪከኣል፡ ንግጥሚያኡ ከም ውሽጣዊ ቊርቊስ ናይ መንግስቲ ህግዲፍ ገይሩ ከይሓጸረ፡ ኣብ ሃገራዊ መድረኽ ወጺኡ ብዛዕባ ኤርትራዊ ክውንነት ዘለዎ ሚዛንን፥ ኣብ መሰረታዊ ጉዳያት ህዝብን ሃገርን ንዘለዎ መርገጽን ከነጽር ኬድልዮ ምኻኑ ንርኢ።

## መዳይ ዜናዊ ዕዮ

ካብ'ቲ ኣገዳሲ ኣሳልጠ ዝረኸብናሉ መዳያት ውሽጣዊ ምንቅስቓስ፡ ካብ 1997 ኣትሒዝና ዝጀመርናዮ ናይ ረደዮ ፈነወታት ኢዩ። ኣብ ትሕቲ እንቃለሰሉ ዘሎና ኲነታት፡ ማለት ሃገር ናብ ናይ ህዝቢ ቤት ማእሰርቲ እተቐየረሉ እዋን፥ ናይ ረድዮ ፈነዋ ኣገዳስነቱ ህያው ኢዩ። ጽሑፍ ዜናዊ ስርሓትና ዝተጻወቶ ግደ እውን ፍሉጥ ኰይኑ፡ ዋሕዲ ቊጽሪ ዝወጽእ ቅዳሓትን ናይ ኣሰናዳእቲ ካድራት ዋሕድን፡ ናይ ምሕታሙ ምድንጓይን፡ ናይ ምዝርግሑ ሽግራትን ዘሰነዮ ጸገማትን ኪርአ ከሎ፡ ድማዑ ማዕረ ትጽቢታትና ክኸውን ኣይከኣለን። ብትግርኛን ዓረብኛን ሰለስተ ግዜ ኣብ ሰሙን ክንፍንዎ ዝጸናሕና ናይ ረድዮ ፈነወ ክሳዕ ታሕሳስ 1999 ዓ.ም ቀጺሉ። ዋላ'ኳ ሓሓሊፉ ምቊራጻት የጋጥሞ እንተነበረ፡ ሓበሬታን ሓሳብን ናብ ውሽጢ ሃገር ብምዝርጋሕ፡ ንህዝብና ዓቢ ምንጪ ናይ ዜናን ንያታውን ደገፍን ትምህርትን ኰይኑ ነበረ። ብዘይካ'ዚ፡ ሰሙናዊ ናይ ፍርቂ ሰዓት ናይ ፈነዋ ረድዮ፡ ካልእ ዕድል ውን ረኺብና ኢና። ቀጻሊ ድማ ኣሎ። እዚ ግን፡ ኣብ ኤርትራ ኰነ ኣብ ካልእ፡ ናይ ተሳማዕነት ሽግር ኣብ ዘለዎ ኲነታት ከምዝርከብ ርኢና። ኣማስያኡ፡ ኣብ ግንቦት 2000 ዝጀመርናዮ ናይ ረድዮ ፈነዋ፡ ኣብ ሰሙን ሰለስት ግዜ፡ ነናይ ሓደ ሰዓት ፕሮግራም፡ ናብ ምስራቕ ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ሰሜን ኣመሪካን ዘቕንዐ ኰይኑ ጀሚሩ። ድሒሩ ክልተ ሰዓታት ናብ ኣፍሪቃ፡ ሓደ ሰዓት ድማ ናብ ኣውሮጳ ኰይኑ ዳግመ ስርርዕ ከምዝተገብረሉ ድማ ይፍለጥ። እዛ ረድዮ'ዚኣ ኣብ ዘቕንዓትሉ ዞናታት፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ኤርትራን ከባብን እትጻወቶ ዘላ ግደ ኪትካእ ዘይከኣል ግደ ኰይኑ ይርከብ። ህዝብና ብመላኡ ብክብ ዝበለ ሃንቀውታ ዝጸበያ ረድዮ ኰይና ምህላዋ ድማ ንግንዘብ። ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታት ምዕራብ ኣውሮጳን ኣመሪካን ብጸዓት ኣባላትና ዝተኸፍተ ናይ ረድዮ ፈነዋ ዕድላት ኣድማዕነቱ ብቦታዊ ደረጃ ካብ ዕዉት ስርሒታት ኰይኑ ዝቕጽል ዘሎ ዜናዊ ዕዮ ነይሩ። ካብ'ዚ ዘይድሕር፡ ውድብና፡ ብደረጃ መሪሕነት ይኹን ተዋሳእቲ ኣባላቱ ኣብ ዓውዲ ኢንተርነት ንዘሎ ናይ ብዝሓብ መራኸቢ ዕድል ብምጥቃም ንርእይቶኡ ከተሓላልፍ፡ ንመንነቱን ታሪኹን ኪከላኸል፡ ናይ መጻኢ ራእያኡ ከንጸባርቕ፡ ንሓሶታትን እከይ ተግባራትን ናይ ጨቋኒ ስርዓት ከቃልዕ ዝኽእለሉ ዓውዲ ቃልሲ ኰነ። ኣብ'ዚ ዘመናዊ ዓውዲ'ዚ ውን፡ ንጹር ዓወት ከምዘረጋገጸ ክፍለጥ ካብ ዘለዎ መኽሰባት ኢዩ። ከምኡ ከኣ፡ ብተበግሶን ጽዓትን ጨንፈራት ዲሞክራስያዊ ማሕበር መንእሰይ ኤርትራ ኣብ ኣውሮጳ ንዓሰርተው ሽዱሽተ ግዜኡ ዝተኻየደ ዓመታዊ በዓል ኤርትራ፡ ጽልዋኡ

እናሓደረ፡ ብዝሰፍሐ መጠን ኣብ ምዝርጋሕ ርእይቶታት ውድብና ኣብ ምእላይ ሾነታት ሃገርናን ዓቢ ግደ ተጻዊቱ።

## ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ

ንኣተሓሕዛና ብጕዳይ ሓድነት ሓይልታት ተቓውሞ ብዝምልከት፡ ውድብና፡ ኣብ 1992 ንዘተ ኪብል ናብ ዝገበሮ ጸዋዒት ክንምለስ ኣገዳሲ ኢዩ። ነዚ መሰረት ብምግባር፡ ምስ ዝተፈላለዩ ውድባት ሓያሎይ ግዝያት ዝተደጋገመ ኣገዳሲ ዝርርባት ተኻይዱ። እቲ ዝርርባት'ቲ፡ ነቲ ኣብ መንጐ'ተን ውድባት ዝነበረ ዝምድና ንምትህድዳእን ሕድሕዳዊ ናይ ጠርጠራ፡ ናይ ክስታት ወፈራ ለጠቕ ንምባልን፤ ከምኡ ውን፡ ንዝነበረ ናይ ርክብን ናይ ፍልልይን ነጥብታት ንምንጻር ሓገዘ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ፡ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ዝግበር ግጥምያ፡ ንዓቕምታተን ከዋሃህድ ኣብ ዝኽእል ስምምዕ ንምብጻሕ ከምዘይበቕዐ ግን ዝተፈልጠ ኢዩ። ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ምስናይ ሃገራዊ ቻርተሩ፡ ንኹሉ ውድባት ተቓውሞ ዝሓቝፍ ኰይኑ ምቛሙ፡ ንድሌት ህዝብናን ኣባላትናን ክብ ዘበለ ዓቢ ታሪኻዊ ተረኽቦ ነበረ። ኣብ መንጐ ውድባት ንዝነበረ ዘይምርድዳእን ሕድሕዳዊ ምጥርጣርን ንምልጋስ ከምዝሓገዘ፡ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ዜናውን ዲፕሎማስያውን መዳያት ናይ ሓባር ዕዮ ንምጅማር ዘኽኣለ እውን ኰነ። ምቛም ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ብተበግሶ ውድብና ከምዝመጸ መጠን፡ ንውድብናን ንኣባላቱን ዓቢ ዓወትን ክብርን ምኻኑ ጥርጥር የልቦን።

ድሕር'ቲ ጨቋኒ ስርዓት ኣንጻር ኵለን ጐረባብቲ ሃገራት ዘናኸሶ ውግኣት፡ ኣብ ከባቢ ሃገርና ንምንቅስቓስ ከምዝቐለለልና ርግጽ ኢዩ። ንምንታይ፡ ናይ መንግስቲ ህዝባዊ ግንባር ምስ'ተን ሃገራት መስሪትዎ ዝነበረ ዝጠበቐ ዝምድና፡ መዳያተን ተሓሪሙና ምንባሩ ፍሉጥ ኢዩ። ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት ክንህሉን ክንነጥፍን ምኽኣልና፡ ሓያሎይ ጥቕምታት ነይርዎ። ኣብ መንጐ ተቐማጦ ኤርትራውያን ክንሰርሕ ኣኽኢሉና፤ ምስ ህዝብና ኣብ ውሽጢ ሃገር ሓጺሩ ዝነበረ ናይ ርኽክብ መስኖታት ክንከፍት በቒዕና፤ ብዘይጥርጥር ከኣ፡ ነቶም ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት ዝነብሩ ብህግዲፍ ኣብ ርእሲኦም ውግእ እተወልየም ኤርትራውያን ዓቕምና ዘፍቅዶ ዓቢ ኣገልግሎት ከነበርክትን ከነህድን ጽላል ክንኰኖምን ክኢልና ኢና።

ጨቋኒ ስርዓት ብህልውናና ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ'ታ ዝኸፍአ ውግእ ዝዓደመላ ኢትዮጵያ፡ ኣዝዩ ኢዩ ተሸጊሩ። ኣብ ቅድሚ ደቂ ሃገር ስእስልና ንምጽያቕ ከኣ፡ ኣንጻር ውድብናን ካልኦትን ጽዑቕ ናይ መናፍሕ ወፈራ ኣካይዱ፤ ክሳብ ብሃገራዊ ክድዓት ከሲሱ። ስለ'ዚ ከኣ፡ ነቲ ምስ ኢትዮጵያ ዘካየዶ ውግእ፡ ከም ናይ ምክልኻል ውግእ፡ ከም ነታ ብናይ ቀደም ገዛእታ ዝነበሩ ኢትዮጵያውያን ናይ ወራር ግዳይ ዝኾነት ሃገር ንምክልኻል ዝኣትዎ ውግእ ኣምሲሉ ቀረበ። ስምዒታዊ ደገፍ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ንምልዕዓል ድማ፡ ንናይ ቀደም ጥርጣረታትን ዝኽርታትን ኣለዓዓለ። "ኢትዮጵያ እንደገና ንኽትጐብጠና ወጢና ኣላ" ዝብል መናፍሕ ኣጽዒቑ ኣካየደ። ነዚ ክብል ከሎ ግን፡ ናይ ሎሚ ገዛእቲ ኢትዮጵያ እቶም ህዝባዊ ግንባር ንገዛእ ርእሱ ንዓመታት ዝተመሓዘዎም፡ ኣብ ሰውራ እንከለዉ ብናይ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ርእሰ-ውሳኔ መሰል እተኣመኑ፡ ነቲ መሰል'ቲ ኣብ ግብሪ ንምስልሳል ድማ ዝተሓባበሩ፥ ካብ ዝቐደሙ ገዛእቲ መሰረታዊ ፍልልይ ዘለዎም ምኻኖም እናፈለጠ ኢዩ።

እቲ ስርዓት ኣንጻር ውድብና ዝወርወሮ ናይ ክድዓት ክሲ፡ ኣብ'ቶም ማዕድን ውድብና ዝፈልጡ ውድብና ብዋጋ ረብሓታት ሃገርን፡ ብዋጋ መትከላቱን፡ ብዋጋ እዉጅ ናይ ፖለቲካ ውሳኔኡን፡ ምስ ካልእ ሃገር ኣብ ዝምድና ኪኣቱ ከምዘይክእል ዝግንዘቡ ክቕበልዎ ኣይከኣሉን። ይኹን'ምበር፡ ዘካየዶ መናፍሕ፡ ኣብ ኤርትራዊ ዜጋ ብሓፈሻ፡ ካብኡ ሓሊፉ ውን ኣብ ውሽጢ ኣባላት ውድብ ድንግርግር ዘይፈጠረ ኣይኰነን። ኢትዮጵያ ምስ ኤርትራ ኣብ ውግእ ኣብ ዝሃለወትሉ እዋን፡ ንንጥፈታተን ኣብ ኢትዮጵያ ከሰላስላ ናይ ዝጸንሓ ውድባት ህልውና ድማ ከምዘየመጕስዎ ርኡይ ነይሩ። ግን'ከ፡ ነቲ መናፍሕ'ቲ፡ ነቲ ተረድኦታት'ቲ፡ ብጽንዓት ስለዝገጠምናዮ፡ ብዛዕባኡ ኣብ ጽሑፋትና ኰነ፡ ኣብ ተኸታታሊ መግለጺታትና፡ ንጹር ተልእኾታት እናተሓላለፍና ስለዝመጻእና፡

ንመንነትና ከነነጽር ክኢልና ኢና። ሎሚ ከኣ፡ ህዝብና ምልስ ኢሉ ክርእዮ እንከሎ፡ ንመናፍሓት ናይ’ቲ ግዜ’ቲ ጨሪሱ ከምዘይቅበሎ የረጋግጽ ኣሎ።

# ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ

## መእተዊ፡-

መግዛእቲ ጣልያን ናይ ዓሌታዊ ኣፈላላይን ሕርሻዊ መሬት ካብ ኤርትራውያን መንዚዕካ ንኢጣልያውያን ናይ ምዕዳልን ፖለቲካ ተኸተለ። እዚ ድማ፡ ንብዙሓት ሓረስቶት ስራሕ ንምንዳይ ናብ ከተማታት ከምዝውሕዝ ገበረ። ኣፈላላይ ዓሌት ኣብ ዝነገሰሉ ሃውህው ድማ፡ እቲ ዝደልይዎ ስራሕ ክረኽቡ ስለዘይክእሉ፡ ኣብ’ቲ ኣስፋሕፋሒ መግዛእታዊ ሰራዊት ክጽንበሩ ግድነት ኰኖም።

ኣብ መዋዳእታ ካልኣይ ውግእ ዓለም ድማ፡ እንግሊዛዊ መግዛእቲ ነቲ ዓሌታዊ ኣፈላላይ ወገዶ። እንተኾነ ግን፡ ንብዙሕ ወጻዒ ሕግታት፡ ብፍላይ ድማ፡ ምጣነ-ሃብታዊ ሕግታት ከምዘለዎ ክቕጽል ገበረ። ብዝያዳ እኳ ደኣ፡ ነቲ ኣፍራዪ ዝኾነ ትካላትን ፈብሪካታትን ክሸጦ ተራእየ። ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ ውን፡ ንትሕዝቶ ሕብረተ-ሰብኣዊ ብዙሕነት ህዝቢ ኤርትራ ብምምዝማዝ፡ ናይ “ፈላሊኻ ግዛእ” ፖሊሲታት ኣተኣታተወ”። ብሰሪ’ቲ ለጠቕ ዝበለ ፖለቲካዊ ንቕሓት ህዝብና’ውን፡ ኣብ ገለገለ ሸነኻት ክዕወት ከኣለ። ኤርትራ ናጻ ክትከውን ድማ ዕንቅፋት ኰነ። ስዒቡ፡ እቲ ብድፍኢት ናይ’ታ ምስ ስርዓት ኢትዮጵያ ጽቡቕ ዝምድና ዝነበራ መንግስቲ ኣመሪካ ብ1962 ብሕቡራት መንግስታት ዝተወሰነ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሕማቕ እንዳተሰምዖ ዝተቐበሎ ናይ ፌደረሽን መቑረንቲ መድረኽ መጸ። ብመሰረት ናይ’ቲ ፌደራላዊ ስምምዕ ድማ፡ ኣብ ኤርትራ ሓጋግን ፈጻምን ፈራድን ትካላት ዘማልአ ሕገ-መንግስቲ ተሓንጸጸ። እንተኾነ ግን፡ ስርዓት ሃይለስላሴ ካብ መፈለምታኡ ቀስ ብቐስ ናብ ምህሳሱ ብዝተኸተሎ ፖለቲካ ብመሰረት ብ1962 ዝወጸ ኣዋጅ ጨሪሱ ኣፍረሶን፥ ንኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብምጽንባር ድማ ሓንቲ ካብ ጠቕላላ ግዝኣቱ ቈጸራ። ሃይለስላሴ፡ ነዚ ውሳኔ’ዚ ናይ ማእቶት ፋብሪካታትን ትካላትን ነቒሉ ንኢትዮጵያ ብምግዓዝን፥ ትምህርታውን ሕክምናውን ኣገልግሎት ብምድኻምን ኣቢሉ ክትግብሮ ባይታ ፈጠረሉ። ዕላማ ናይ’ዚ ኵሉ ተግባራት’ዚ ከኣ፡ ነቲ ኤርትራ መሬታ እምበር ህዝባ ኣየድልየናን ዝብል ጭርሖ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ኢዩ ነይሩ። ህዝቢ ኤርትራ ግን፡ ንመግዛእታዊ ስርዓት ካብ ምምካት ዓዲ ኣይወዓለን። ብ1958 ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ መስሪቱ፣ ድሕር ኢሉ ድማ ብ1960 እታ ብመሪሕነት ስዉእ ሓምድ ኢድሪስ ዓወተ ብረታዊ ቃልሲ ብ1961 ዝኣወጀት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተመስረተት።

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብ’ቲ ዝተናውሐ ናይ ቃልሲ ጕዕዞኣ፡ ሃገራዊ ናጽነትን ናይ ኤርትራዊ ዜጋ ምሉእ ሓርነት ንምርግጋጽን፡ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ኤርትራ ንዘጋጥሞ ካልኣዊ ግርጭታት ብዲሞክራስያዊ ዘተ ምፍታሕን ቀንዲ ዝሕምረቱ ሃገራዊ መደብ ዕዮ ሓንጺጸትን ንምዕዋቱ ኣበርቲዓ ጸዓረትን።

ኣብ ኣህጕራዊ መዳይ ውን፡ ጕዳይ ህዝቢ ኤርትራን ፍትሓውነቱን ኣብ ቅድሚ ሓፈሻዊ ርእይቶ ዓለም ንምብራህ ርኡይ ግደ ተጻወተት።

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ዋላ’ኳ ብሰንክ’ቲ ብህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተኻየደ ግዙፍ ውዲት፡ ካብ ሜዳ ናይ ወተሃደራዊ ግጥምያ እንተተኣልየት፥ እቲ ብ1991 ብህዝባዊ ሰራዊት

እተረጋገጸ ዓወት፡ ነቲ ብሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ዝተኻየደ ቃልስን ተወፋይነትን ጕሲኻ ክትሓልፎ ዘይከኣል ምዃኑ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ዝምስክሮ ሓቂ'ዩ።

ሓርነት ኤርትራ ምስ ተረጋገጸ'ውን፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ንዝሓለፈ ኣሉታታት ብምስጋር፡ ናጻ ኤርትራ ንምህናጽ ዘብቅዕ ዝተማልአ እማመ ኣቕረበት። ኣብ ውሽጢ'ቲ ዘቕረበቶ እማመ ከኣ፡ ንዅለን ፖለቲካዊ ውድባት ኤርትራ ዘሳትፍ ግዝያዊ መሰጋገሪ መንግስቲ ኤርትራ፡ ምቛም ዝብል ይርከቦ። ህዝባዊ ግንባር ግን፡ ነዚ ዝኾነ ግምት ከይሃበት፡ ኣብ'ቲ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ'ዚ ወዲቕዎ ዘሎ ኵነታት ዘብጽሐ ስልጣን በይና ናይ ምብሓት መርሆኣ ደረቐት። እዚ መርሆኣ'ዚ ከኣ፡ ኣብ ኤርትራ ኣብ ዅሉ መዳያት ናይ ዘኸተሎ ኣሉታዊ ጽልዋን ጕድኣትን ካብ ማንም ዝሸፈን ኣይኰነን። ውጽኢት ናይ'ዚ ድማ፡ ዘስካሕክሕ ሓደገኛ ውግእ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘጠቓለለ፡ ምስ ዅለን ጐረባብቲ ሃገራት ዅናት ኣሳወረ። እዚ ውግእ'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ምህናጽ ሃገር ክውዕል ዝግብኦ ብከንቱ ዝጠፍአ ግዙፍ ሰብኣዊ ክሳራ፡ ነቲ ብመግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝወረደ ዕንወት ዝያዳ ዘዕሞቖን፡ ንሃገርና ካብ ኣዝዩ ዘድልያ ናይ ወጻኢ ሓገዛት ዝሓረመን ንዞናውን ኣህጕራውን ተነጽሎ ዘሳጥሐን ኢዩ።

ከም'ቲ ድሕሪ ዅሉ ዘጋጠመ ቅልውላዋት ዝኸተሎ ልሙድ ባህርያቱ ድማ፡ እዚ ስርዓት'ዚ፡ ድሕሪ'ቲ ኣዕናዊ ዝኾነ ውግእ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ካብ'ቲ ብብዙሓት ክፍልታት ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝመጾ ዘሎ ነቐፌታት ንምህዳምን ኣቓልቦ ህዝቢ ንምጥምዛዝን፥ ናይ ፓርትታትን ምርጫን ሕግታት ትያተር ከካይድ ተጓየየ።

ኣብ ትሕቲ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኵነታት ድማ፡ ንሕና ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ቅድሚኹና ዘሎ መድረኽ ካብ'ቲ ናይ ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነት ቃልሲ መድረኽ ዘይቀልል ምዃኑ ንኣምን።

ቃልስና ምእንቲ ሓደ ብምጣነ-ሃብታውን ባህላውን ትሕዝቶኡ ምዕቡል ዝኾነ ሕብረተሰብኣዊ ምህናጽ ኢዩ። ምእንቲ ፖለቲካዊ ብዙሕነት ዝካየድ ቃልሲ፥ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ዓቢ ሃገራዊ ዕማም ብምዃኑ፡ ዅለን ፖለቲካውን ማሕበራውን ሓይልታት ንዝካፈልኦ ዓቢ ተደላዪነት ኣለዎ።

ነዚ ዘረጋግጽ ድማ፡ ካብ'ዚ ዝስዕብ ሓቅታት ንብገስ፡-

ቀዳማይ፡- ዝበዝሐ ክፋል ናይ ሕብረተሰብ ኤርትራ ብማሕረስን ምርባሕ ከብትን ምግፋፍ ዓሳን ዝናበር ደርቢ ሓረስታይ ኢዩ። ኣብ ከተማታት ኤርትራ፡ ኣዝዩ ውሑድን፡ መብዛሕቱ ከኣ ምስ መሬት ወይ ገጠር ዘለዎ ምትእስሳር ዘይበተኸን ደርቢ ናይ ሰራሕተኛታት ይርከብ። ዝተረፈ ክፋል ህዝቢ ኤርትራ ድማ ንኣሽቱ ውልቃዊ ናይ ማእቶት ትካላት ዝውንን፡ ኣብ ንግድን ኢደ-ጥበባዊ ስርሓትን ዝዋፈርን ናይ ንኡስ ብርዃዊ ደርቢ ኢዩ።

ካልኣይ፡- ህዝቢ ኤርትራ ብናይ ባህልን እምነታትን ብዙሕነት ዝልለ ሕብረተሰብ ስለዝዝኾነ፡ ናይ መንነት ሕቶ፡ መርገጽ መንግስቲ ኣብ ሃይማኖት ሓዘል ጕዳያትን ኣብ እንመራመረሉ እዋን፡ ነዚ ክውንነት"ዚ ክንዝንግዕ ኣይግባእን። ኣብ ጕዳይ ምውሳን ዕላዊ ቛንቋታት ኤርትራ ዝተሓዝ ዝተፈላለየ መርገጻትን ዝርአ ስምዒታትን ከኣ ነዚ ሓቂ'ዚ ዘብርህ ኣብነት ኢዩ። ብጕዳይ ዕላዊ ቛንቋታት ኤርትራ ብዝምልከት፡ ናይ ኤርትራ መጻኢ ዕድል ኣብ ዝወሰነሉ እዋን፡ ማለት ኣብ መወዳእታ ኣርብዓታትን መጀመርያ ሓምሳታትን ኣትሒዙ፡ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ናይ ክትዕ ነጥቢ ኰይኑ ጸኒሑ ኢዩ። ሃይማኖታዊ እምነታትን ባህላዊ ንጥፈታትን ድማ፡ ኣብ'ቲ ዝካየድ ዝነበረ ክትዓት ልሉይ ኣሰራት ገዲፉ ኢዩ። ድሕሪ ነዊሕ ክትዓትን ማእከላዊ ስምምዓትን ግን፡ ትግርኛን ዓረብኛን ዕላዊ ቛንቋታት ኤርትራ ክኾና፡ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ኣብ ስምምዕ ተበጽሐ። ካብ'ቲ ግዜ'ቲ ንነጀው ከኣ፡ እዚ መትከል'ዚ ሓደ ካብ'ቶም ሃገራዊ ቅዋማት ኤርትራ ኰይኑ'ዩ።

*ሳልሳይ፡- ኣብ መንግ ዝተፈላለያ ኣውራጃታት ዘይተመጣጠነ ደረጃ ምዕባለ ኣሎ። ብሰንኪ ነዊሕን ሰንሰለታውን መግዛእታዊ መዋእላትን፥ ፍሉይ ታሪኻዊ ኵነታትን፡ ናጻን ባህርያውን ዝኾነ ኣገባብ ምዕባለ ሕብረተሰብ ኤርትራ ተዓናቒፉ ጸኒሑ ኢዩ። መግዛእታዊ ስርዓታት ዝገበርዎ ገለገለ ለውጥታት እንተነበረ’ውን፡ ንጥቕሚ ህዝቢ ኤርትራ ዘይኰነስ፡ ንመግዛእታዊ ረብሓታቶም ዘገልግል’ዩ ነይሩ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ኣብ መንግ ዝተፈላለያ ኣውራጃታት ኤርትራ ዘይተመጣጠነ ደረጃ ምዕባለ ተራእዩ። ኣብ ገለገለ ኣውራጃታትን ከተማታትን፡ ኤለክትሪክ፡ ናይ መጓዓዝያን መራኸብን መሳለጢታትን ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርትን ብብዝሒ ክርከብ እንከሎ፤ ኣብ ገጠራት ግን፡ እዚ ነገራት’ዚ ዘይምህላው ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል።*

*ኣብ ብዙሕ ኵነታት ከኣ፡ ሃይማኖታዊ ፍልልያትን ምስ ቋንቋውን ቀቢላውን ፍልልያት ምትእስሳር ከምዘለዎ ክንርኢ እንተደኣ ኪኢልና፥ ኣብ ከም ኤርትራ ዝኣመሰሉ ሕብረተሰባት፡ ኣብ መንግ ዝተፈላለዩ ኣውራጃታት ዘሎ ዘይተመጣጠነ ደረጃ ምዕባለ ክፈጥሮ ዝኽእል ምጥርጣራትን ተሃዋስነትን ክሳዕ ክንደይ ንመጻኢ ፖለቲካዊ ህይወት ኤርትራ ብኣሉታ ክጸልዎ ከምዝኽእል ንምርዳእ ኣሸጋሪ ኣይኰነን። እዚ ከኣ ዝተፈላለየ ሃይማኖታውን እንዳውን ቀቢላውን ኣውራጃውን ትሕዝቶታት ዘለወን ማሕበራዊ ጕጅለታት ዝዕምብባሉ ዘመናዊ ስቪላዊ ሕብረተሰብ ንምህናጽ ኣብ ዝካየድ ቃልሲ ንሃገራውን ዲሞክራስያውን ሓይልታት ዘጋጥሞም ሓያል መኸተ’ዩ።*

*ራብዓይ፡- ሕርሻን መጓሰን ምግፋፍ ዓሳን፡ ዝበዝሐ ክፍሊ ሕብረተሰብና ዝነባበረሉ ናይ ህይወት መሰረት ኢዩ። ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ናይ ብረታዊ ተጋድሎና፡ ብኣሽሓት ዝቝጸሩ ሓረስቶት ናብ ከተማታት ክውሕዙ ወይ ድማ ክስደዱ ተገዲዶም ኢዮም። እዚ ተርእዮ’ዚ ግዝያዊ ስለዝኾነ እንተደኣ ፖለቲካውን ምጣነ-ሃብታውን ርግኣት ተረጋጊጹ፡ ናብ ሃገሮም ወይ ናብ ዓዶም ተመሊሶም፡ ሰላማዊ መነባብሮኦም ክቕጽሉ ከምዝደልዩ ዘጠራጥር ኣይኰነን። እዚ ከኣ፡ ኣብ ፖለቲካውን ምጣነ-ሃብታውን ማሕበራውን መደብ ዕዮ ናይ ዝተፈለላዩ ፖለቲካዊ ሓይልታት መልሲ ክረክብ ዘለዎ ጕዳይ ምዃኑ ዘካትዕ ኣይኰነን።*

*ሓሙሻይ፡- ናይ ኤርትራ ናይ ወጻኢ ፖለቲካ ኣብ ዝሕንጸጸሉ እዋን፡ ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ ምስ ኣህዛብ ጕረባብቲ ሃገራት ዘሎ ጂኦግራፍያውን ታሪኻውን ባህላውን ሓቅታት’ውን ኣሎ። ክንምስርቶ እንደሊ ሕብረተሰብ ብምጣነ-ሃብትን ባህልን ምዕቡል ዝኾነ ሲቪላዊ ሕብረተሰብ ኢዩ። ስለ’ዚ፡ ኣብ’ዚ እዋን’ዚ፡ ምእንቲ ምርግጋጽ ፖለቲካዊ ብዙሕነት ዝካየድ ዘሎ ቃልስታት እዋናውን መድረኻውን ሃገራዊ ዕማም ኢዩ። ዲሞክራሲ ድማ፡ ዝተማልአ መደብ ዕዮ ወይ እማመ ስለዝኾነ፡ ብዙሕ ክማላእ ዘለዎ ቅድመ-ኵነታት ኣሎ። እንተኾነ ግን፡ ናይ ሽሕ ኪሎ ሚትር ጕዕዞ ብሓደ ስጕምቲ ኢዩ ዝጅምር። ስለ’ዚ፡ ፖለቲካዊ ብዙሕነት እምነ-መሰረት ናይ ዲሞክራሲ ኢዩ። ዝተማልአ እማመ ናይ ዲሞክራሲ ክትግበር ዝኽእል ግን፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ንዋታውን ፍናናውን ዓቕምታት ክውሕዝን፡ ህዝቢ ኤርትራ ብኹሉ ፖለቲካውን ማሕበራውን ሓይልታቱ ምእንቲ ዲሞክራስን ግስጋሰን ክጸምድ ምስ ዝብገስ ጥራሕ ኢዩ። ብኣንጻሩ ከኣ፡ ጭቈናን ዓፈናን፡ ናይ ሓደ ውድብ ብግዲ ምጽዓንን፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ዓቕምታት ዝገሃደሉ ምቹእ ሃዋህው ዘይኰነስ፡ ንዋታውን ፍናናውን ኵነታት ህዝቢ ኤርትራ ዝምህምነሉ፥ ድኽነትን ድሕረትን ዝሰፍነሉን፥ ውሽጣዊ ሓድነቱ ዝልሕልሓሉን ኵነታት ከምዝፈጥር ዘጠራጥር ኣይኰነን።*

*ስለ’ዚ፡ ምርግጋጽ ፖለቲካዊ ብዙሕነት፡ ግዜ ዘይህብ እዋናዊ ዕማም ኢዩ። እዚ ወይ እቲ ቅድመ-ኵነት ክማላእ ኣለዎ ኣብ ትሕቲ ዝብል ምስምስ ንምትዕንቃፉ ወይ ምድንጓዩ ዝግበር ዝኾነ ይኹን ፈተነ ከኣ፡ ኣካል ናይ’ቲ ዲክታቶርያዊ ሰረታት ንምድኳን ዝግበር መደብ ካብ ምዃን ሓሊፉ ካልእ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ።*

## *ዕላማታት*

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ (ተሓኤ ሰ.ባ) ዕሽል ሃገረ ኤርትራ ኣብ መትከላት ዲሞክራስን ማዕርነትን ማሕበራዊ ፍትሕን ሰላምን ንኽትምስረት ዘሎ ተደላዪነት ይኣምን።

ተሓኤ ሰ.ባ : ኣብ ተደላዪነት ናይ ዲሞክራሲ ይኣምን። ምኽንያቱ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ዲሞክራሲ፡ ኤርትራውያን ዜጋታት፡ መላእ ፖለቲካውን ሰብኣውን መሰላቶም ክጭብጡ ይኽእሉ። ከምኡ ውን ኣብ ጕዳይ ዳግመ-ህንጻ ባዕዳውያን ገዛእቲ ኰነ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንዘዕነውዎ ሃገርን፥ ኣብ ምርግጋጽ ሃገራዊ ልምዓትን፥ ፈጣርን ሃናጽን ዝኾነ ሱታፌ ናይ ኲሎም ሃገራውያን ክረጋገጽ ዝከኣል፡ ዲሞክራሲ ኣብ ዝነገሰሉ ኩነታት ጥራሕ ስለዝኾነን ኢዩ።

ተሓኤ ሰ.ባ፡ ካብ'ቲ ጸረ ኣፈላላይን ጸረ ግፍዕን ዘለዎ መትከላዊ መርገጻት ተላዒሉ፡ ኣብ ማዕርነት ዝኣምን ውድብ'ዩ። ንምንታይ፡ ማዕርነት ንኹሎም ዜጋታት ሃገር፡ እምነቶምን ጸታኦምን ደርባውን ማሕበራውን መበቈሎምን ብዘየገድስ፡ እተመጣጠነ ዕድላት ስለዝኸስትን፤ ብፍላይ ከኣ፡ ማዕርነት ኣብ መንጎ ወዲ ተባዕታይን ጓል ኣንስተይትን መሰረት ግስጋሴ ናይ ሕብረተ-ሰብ ስለዝኾነን ኢዩ።

ተሓኤ ሰ.ባ፡ ኣብ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝኣምን ውድብ ኰይኑ፡ ንደቂ ሃገር ካብ ድኽነትን፡ ካብ ድንቍርናን፡ ካብ ሕማማትን ሓራ ንምውጻእን፤ ሰራሕተኛታትን ሓረስቶትን ኲሎም ርሂጸ-ብላዕን ፍረ ጻማኦም ዝረኽብሉ ስርዓት ንምህናጽን ይቃለስ።

ሰላም መሰረታዊ እምነት ናይ ውድብና ኢዩ። ምዕባለን ብልጽግናን ሃገር ክረጋገጽ ዝከኣል፡ ብውሽጣውን ብደጋውን ደረጃታት ሰላምን ርግኣትን ምስ ዝሰፍን ጥራሕ ኢዩ። ሰላም ንደቂ ሰብ፡ ካብ ኑክሊያራውን ቀመማውን ባዮሎጂካውን ካል'እ ናይ ጥፍኣት ኣጽዋርን ሓደጋታትን ንምድሓን፤ ኣብ መንጎ ኢንዱስትሪያውያንን ኣብ ምዕባለ ዝርከቡ ሃገራትን (ኣብ መንጎ ሰሜንን ደቡብን)፥ ንህዝቢ ሳልሳይ ዓለም ናጻ ናይ ልምዓት ዕድል ዝኸስት፡ ፍትሓውን እተመጣጠነን ዝምድናታት ንምህናጽ የገልግል።

## 1. ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ፡-

1.1. ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብምውዳቕ፡ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ዘኽብርን ዘረጋግጽን ብዙሕነታዊ ዲሞክራሲ ፖለቲካዊ ስርዓት ምምስራት፤
1.2. ንዲሞክራሲ ከም'ቲ ሓደን መተካእታ ዘይብሉን ስልጣን ናይ ምርካብን ምቕባልን መርሆ ምጥቃም፤
1.3. ኣብ ሃገር ናይ ህዝብን ናይ ሕግን ልዑላውነት ምርግጋጽ፣
1.4. ብዲሞክራስያዊ ሰብኣዊ ሓርነታት ማለት ብናይ ምጽሓፍን ምዝራብን ምእካብን ምውዳብን ...ወዘተ ናጽነታት ምእማን፤
1.5. ናይ ሕጊ ልዑላውነት ምርግጋጽ፤
1.6. ንሓድነት ህዝብን መሬትን ኤርትራ ምዕቃብን ምሕያልን፤
1.7. ንልዑላውነት ሃገር ምክልኻል።

## ሀ. ኣብ መዳይ ህዝባዊ ምምሕዳር

ሀ.1. ህዝብን ፖለቲካዊ ሓይልታቱን እተሳተፎ ብረፈረንደም ዝጸደቐ ቀዋሚ ሕገ-መንግስቲ ምቛም፤
ሀ..2. ኣብ ኲሉ ጽፍሕታት ቅርጻ ናይ'ቲ ስርዓት፡ ብደረጃ ሃገር፡ ኣውራጃ፡ ወረዳ፡ ኣብ ናይ ስልጣን ምክፍፋል ዝተመርኰሰ ሕጋግን (ፓርላማ) ፈጻምን (መንግስቲ) ፈራድን ትካላት ዘለዎ ፓርሊያመንታዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምቛም፤

ሀ.3. ሪፈረንደም፡ ከም ዲሞክራስያዊ መትከል፡ ኣብ ሕገ-መንግስቲ ኤርትራ ሰፊሩ፥ ኣብ ንልዑላውነት ሃገርን ንልዑላውነት ሕግን ዝትንክፍ ጉዳያት ምጥቃም፤
ሀ.4. ኵሉ ዓይነት ህዝባዊ ምርጫታት ብስቱር ድምጺ ይኸውን። ምኽንያቱ ከኣ፡ እዚ ንኤርትራዊ ዜጋ ብናጻ፡ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ተጽዕኖ ድምጹ ንኽህብን ስለዘኽእሎ ኢዩ።

**ለ. ኣብ መዳይ ሰብኣዊ መሰላት**

ለ.1. ናጻ ዝኾነ ህዝባውን ንቓባውን ማሕበራትን፥ ንሰብኣዊ መሰል ዝከላኸላ ውድባትን ክቖማ ምፍቃድ። መሰል ሰላማዊ ሰልፊ ምግባር ድማ ምኽባር፤
ለ.2. ኤርትራዊ ዜጋ ንዝደለዮ ሃይማኖትን ስነሓሳብን ክስዕብ መሰሉ ምኻኑ ምእማን፤
ለ.3. ኣብ ኤርትራ ናይ ፕረስ ናጽነት ክህሉ ምርግጋጽ፤
ለ.4. ናይ ምሕሳብን ምጽሓፍን ምውዳብን ምንቅስቓስን፣ ከምኡ ውን፡ ናይ ህይወትን ናይ ድሕነትን ከምኡ ዝኣመሰሉ ናጽነታትን፥ ናይ ኤርትራዊ ዜጋ መሰረታዊ መሰላት ምኻኖም ምርግጋጽ፤
ለ.5. ኵሉ ኤርትራዊ ዜጋ ናይ ስራሕ መሰል ከምዘለዎ ምእማን።

## ሐ. ዝምድና መንግስትን ሃይማኖትን

መ.1. መንግስቲ ኤርትራ ዓልማናዊ መንግስቲ (SECULAR STATE) ይኸውን። መንግስቲ ካብ ሃይማኖት፡ ሃይማኖት ከኣ ካብ መንግስቲ እተፈልየ ይኸውን፤
መ.2. መንግስቲ ኤርትራ፡ ንኹሉ ሃይማኖታዊ እምነታት ናይ ህዝብና ተኽብርን፥ ኣብ መንጎ መንግስትን ሃይማኖትን ዘሎ ዝምድና ድማ፡ ኣብ መትከል ናይ ምክብባርን ምትሕግጋዝን ዝተመርኰሰ ይኸውን፤
መ.3. ኵሉ ሃይማኖታት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ ምኻኑ ምእማንን ምርግጋጽን፤
መ.4. ሃይማኖታዊ ትካላት ናይ ገዛእ ርእሰን ውሽጣዊ ምምሕዳር ከምዝህልወን ምርግጋጽ።

# 2. ኣብ ምጣኔ-ሃብታዊ መዳይ

ዕሸል ሃገርና ኤርትራ፡ ኣብ ኣዝዩ ከቢድን ኣሰቃቕን ዝኾነ ምጣነ-ሃብታዊ ኵነታት ወዲቓ ትርከብ ኣላ። ትጽቢታት ናይ መብዛሕትኡ ህዝቢ ኤርትራ ድማ፡ ኣብ'ቲ ካብ ወጻእተኛታት ዝልገሰሉ ረዲኤት ኰይኑ ኣሎ።

እዚ ድማ፡ ንእዋናዊ ጠለባት ህዝብና ዝምልስ ናይ ሓጺር እዋን ምጣነ-ሃብታዊ መደባት ብሓደ ሸነኽ፥ ንሃብቲ ሃገርና ብውሕሉል ኣገባብ ንምጥቃም ዘኽእለና ናይ ነዊሕ እዋን ምጣነ-ሃብታዊ መደብ ድማ ብኻልእ ሸነኽ ይጠልበና።

ናይ ምጣነ-ሃብታዊ ስርዓት ብቕዓት ኣብ'ዚ ዝስዕብ መሰረታዊ ዝኾነ መዳያት ብዝህልዎ ውጽኢታት ወይ ብዝፈጥሮ ነጸብራቕን ንመዝኖ።

1. ንማእቶታዊ ሀርኩትናን መሃዝነትን ደቂ ሃገርን ተቐማጦን ዝኸፍቶ መድረኽ፤
2. ንመሰረታዊ ተደላዪነታት ናይ ህዝቢ መነባብሮ ንምርግጋጽ ዝህቦ ኣትኵሮ፤
3. ንኣፍራዪነት ናይ ማእቶት ወይ ናይ ሃገር ሃብቲ ዘምጽኦ ውጽኢትን ዝኸስቶ ዕድላትን፤
4. ኣብ ምዝርጋሕ ናይ ሃብቲ ዘረጋግጾ ፍትሓውነትን፡ ደረጃ መነባብሮ ክብ ኣብ ምባል ዝህልዎ ግደን፤
5. ንቐጻልነትን ምዕብልናን ምስፋሕን ኤኮኖሚ ኣብ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ዝኸፍቶ ኣፍ ደገታት።

ሓደ ክፍሊ ናይ ኤኮኖምያዊ ንጥፈት (ሰክተር) ንካልኦት ክፍልታት ናይ ኤኮኖሚ ብዘየዋስነ ኵነታት፡ ንበይኑ ንኤኮኖሚ ሃገር ብስጡም መልክዕ ከሰላስሎ ከምዘይክእል ብተመኩሮ ናይ'ተን

በዚ ስርዓት'ዚ ኣቢለን ዝሓለፋን፥ ኣብ ዕጽው መንገዲ ዝበጽሓን ሃገራት ተረጋጊጹ ኣሎ። ምእንት'ዚ፡ ንክውንነት ሃገራዊ ኤኮኖሚን ንመዘውራት ናይ ዓለምለኸ ምጣነ-ሃብታዊ ንጥፈታትን ኣብ ግምት ዘእተወ ሕብረ-ምጣነ-ሃብታዊ ስርዓት ወይ ቅዋም ምስ ዝኸሰት ጥራሕ ኢዩ ንኹሉ ናይ ሃገር ዓቕምታት ዝጸምደ፡ ምልኣት ዘለዎ ኩሉ ሸነኻዊ ልምዓታዊ ዕዮ ኪካየድን ብልጽግና ኪረጋገጽን ዝኽእል።

ምእንት'ዚ ኩሉ ክፍልታትን (ሰክተራትን) ናይ ኤኮኖሚ ንጥፈት፡ ብሓታዊ፡ መንግስታዊ፡ ሓባር-ስርሓዊ ኣበርክቶኡ ዝገበረሉ፥ ንውሽጣውን ንደጋውን ዘርኢ ርእሰማል ራህዋ ዝህብ ብሕውስዋስ ኤኮኖሚ ቅዋም ዝኻሰ መድረኽ ምኽፋት፡ እቲ ክንክተሎ ዘድሊ ንሃገርና ዘዐውት ፖሊሲ ምዃኑ ንርኢ።

## ሀ. ምጣነ-ሃብታዊ ቅዋም

ሀ.1. ኣብ ምጣነ-ሃብታዊ መዳይ እንኽተሎ ቅዋም፡ ሕውስዋስ ምጣነ-ሃብቲ ኢዩ፤
ሀ.2. ብመሰረት እተጸንዐ ምጣነ-ሃብታዊ መደብ፡ ናይ ሃገራውያንን ወጻእተኛታትን ርእሰማል ክዋፈር ምፍቃድ፤
ሀ.3. ፍትሓዊ ዝኾነ ኣገባብ ኣዘረጋግሓ ሃገራዊ ሃብቲ ምጥቃም፤
ሀ.4. ኤርትራውያን ዜጋታት ንመንግስቲ ዝኸፍልዎ ግብሪ፡ ምስ ደረጃ ዕቤት እቶቶም ዝፈላለን ዝመጣጠንን ይኸውን፤
ሀ.5. ብግብሪ ዝርከብ እቶት፡ ንሃገራውን ህዝባውን ኣገልግሎት ከምዝውዕል ምግባር። ትሑት እቶት ንዘለዎም ዜጋታት ከኣ ሸኽሞም ንምቅላል ምቅላስ፤
ሀ.6. ንምዕባለ ሃገር ዘገልግል ናይ ምጣነ-ሃብቲ ናይ መጽናዕትን ምርምርን ትካላት ምቛም፤
ሀ.7. ሕርሻውን ንግዳውን ኢደ-ጥበባውን ኢንዱስትሪያውን ንጥፈታት ንጠለባት ህዝብና ብዝማልእን፥ ናይ ኤርትራውያን ዜጋታት ናይ ስራሕ ዕድላት ብዝኸስትን ኣገባብ ምስርዑ፤
ሀ.8. ሓባራውን ብሕታውን ወፍሪ ርእሰማል ምትብባዕ፤
ሀ.9. ናይ መጒዓዝያን መራኸብን መሳለጢታት ምምዕባልን ምውዳብን፤
ሀ.10. ሕርሻዊ ንጥፈታት ንህዝባዊ ጠለባት ከዕግብ ብዝኽእለሉ ኣገባብ ምስርዑን ምምዕባሉን፤
ሀ.11. ናይ ሃገርና ናይ ዱርን እንስሳ ዘገዳምን ሃብቲ ከይበርስ ዝከላኸሉ ሕግታት ምቛም፤
ሀ.12. ሽግር መነባብሮ ህዝብና ኣብ ግምት ዘእተወ ዘመናዊ ኣባይቲ ምስራሕ፤
ሀ.13. ኣብ መንጎ ከተማን ገጠርን፥ ኣብ መንጎ ዝተፈላለያ ኣውራጃታትን ኤርትራ ዘሎ ናይ ምዕባለ ፍልልያት ንምጽባብን ንምምዕርራዩን ዝኽእል ምጣነ-ሃብታዊ መደብ ምትላም፤ ብተወሳኺ፡ እቲ ብሰበኽ ሳግማዊ ሕርሻን ምርባሕ ከብትን ዝግልገል ህዝብና፡ ርእሱ ዝኽኣለ ምስ ምጣነ-ሃብታዊ ዕብየት ሃገርን ባህርያዊ ክንክንን ዝተተሓሓዘ ብምዃኑ፥ ነዚ ኣብ ግምት ዝወሰደ ኣሰራርሓ ምኽታል።
ሀ.14. ሓባራዊ ስርሓት ምትብባዕ፤
ሀ.15. ሕቶ መሬት፡ መሰረታዊ ናይ መነባብሮ ጒዳይ ኢዩ። ዋንነት መሬት ኣብ ኢድ ህዝቢ ይጸንዕ። መንግስቲ፡ ብሃገራዊ ደረጃ ኣገዳስነቱ ንዝእመነሉ መስመራትን ትካላትን ስትራተጂያውነቱ እተራእየ ፍሉይ ምንጪ ሃብቲ ዝርከቦን ውሱን መሬት ኣብ ክሊ ብሩህ ሕጋዊ ቀይዲታት ክቀጻጸሮን ከመሓድሮን ዝኽእለሉ መደብ ይንጽር።

## ለ. ኣብ መዳይ ሕርሻን ከባቢኣዊ ክንክንን (Environmental Protection)

ዝበዝሐ ክፋል ናይ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ገጠራት ዝነብር ኰይኑ፡ ብማሕረስ ወይ ብማሕረስን ምርባሕ እንስሳታትን ኢዩ ዝናበር። ገለ ውሑድ ክፍሊ ካብ ህዝብና ድማ፡ ብምርባሕ ከብትን ምግፋፍ ዓሳን ዝናበር ኣሎ።

ካብ'ዚ ሓቂ'ዚ ብምብጋስ፡ ንዝተሓተ ጠለባት ህዝብና ንምምላእን፥ ኣብ መነባብሮኡ ከጋጥሞ ንዝኽእል ጸገማት ንምቅላልን፥ ንሕርሻ ዘድሊ ተገዳስነት ምሃብ ይግባእ። ከምኡ ውን፡ ኣብ ከም ኤርትራ ዝኣመሰሉ ሕብረተሰባት፡ ምጣነ-ሃብታዊ ዕብየት ንሕርሻዊ ንጥፈታት ኣብ ምስፋሕን ምምዕባልን'ዩ ዝምርኰስ። ካብ'ዚ ብምብጋስ፡

ለ.1. ናይ ምግራብ መደባት ብምስራዕ፡ ፍግረ መሬት ምክልኻልን ኣብ መዳይ ባህርያዊ ሃብትን ኢንዱስትሪን ምቛምን፣
ለ.2. ናይ ማይ ምንጪታት ንምርካብ መጽናዕቲ ምግባርን ሓጽብታት ምስራሕን፤
ለ.3. ሕርሻታትን ሸኻታትን ምምዕባልን ዘመናዊ ኣገባብ ምርባሕ እንስሳታትን ምትእትታውን እንስሳዊ ሃብትና ንምክልኻልን ንምጣነ-ሃብታዊ ዕብየት ሃገርና ንምውዓሉን ናይ እንስሳ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ብሰፊሑ ከምዝዝውተር ምግባር፤
ለ.4. ንናይ ባሕሪ ሃብትና ምክልኻልን ኣገባብ ኣጠቓቕማ ሃብቲ ባሕርና ምምዕባልን፤
ለ.5. ናይ ኣፍላጋትን ወሓይዝን ማይ ድማ፡ ንሕርሻዊ ኣገልግሎት ንምውዓሉ ምጽዓር፤
ለ.6. ሕርሻዊ ኢንዱስትሪ ምምዕባልን ዘመናዊ ኣገባብ ናይ ሕርሻ ምትእትታውን።
ለ.7. ኣብ ሃገርና ወሪዱ ዘሎ ናይ ኤኮሎጂ ብርሰትን ምስፍሕፋሕ ምድረ-በዳነትን ንምክልኻል ኩሉ ጻዕርታት ክካየድ ይጥለብ።

## ሐ. ኣብ መዳይ እንስሳ ዘጋዳምን ናይ ዱር ሃብትን

ሐ.1. ንዱርን እንስሳ ዘገዳምን ምክልኻልን ምክንኻንን፤
ሐ.2. ንመርኣያ ሃብቲ እንስሳ ሃገርና ዝኸውን ቦታታትን መዘናግዒ ቦታታትን ምቛም (Parks and zoo)።

## መ. ኣብ መዳይ ባህርያዊ ሃብትን ኢንዱስትሪን

ትሕተ-ቅርጻ ሃገርና ኣዝዩ ድሑር ወይ ከአ ዝዓነወ ስለዝኾነ፡ ባህርያዊ ሃብቲ ኤርትራ ጌና ከም ምንጪ ናይ ሃገራዊ እቶት ክንጥቀመሉ ኣይከኣልናን። እምበኣርከስ፡ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ድኹም ምጣነ-ሃብታዊ ሰረት ትርከብ። ንሃገርና ናብ ኢንዱስትርያዊ ሃገር ንምስግጋር ድማ፡ ከም ቀዳማይ ስጉምቲ ንሕርሻ ካብ ምምዕባል ሓሊፍና ካልእ ኣማራጺ የብልናን። ስለ'ዚ፡ ንኢንዱስትሪ ዝኾኑ ጥረ ነገራት ከም'ኒ ጡጥ፡ ሽኮር፡ ስምስም፡ ...ወዘተ ንምፍራይ ሕርሻ ቀዳምነት ክውሃቦ ኣለዎ። ጐድኒ ንጐድኒ ናይ'ዚ ድማ፡ ነቲ ኣብ ኢድና ዘሎ ንጥረ ነገራት፡ ከም እንስሳዊ ሃብትን ዓሳታትን ዝኣመሰሉ ዝጥቀሙ ፋብሪካታት ከነስርሖም ይግባእ። ከምኡ ውን፡ ኣብ ዝሓለፉ መዋእላት ክምዕብሉ ጀሚሮም ዝነበሩ ንኣሽቱን ማእከሎትን ኢንዱስትሪታት ከነናጣጥፎም ኣገዳስነት ኣለዎ።

ብባህርያዊ ሃብትና ምግዳስን፡ ክንጥቀመሎም ዘኽእለና ምቹእ ሃዋህው ምፍጣርን ከኣ ብዘይተርጥር መሰረት ናይ ኢንዱስትርያዊ ምዕባለ ሃገርና ኢዩ።

መ.1. ባህርይዊ ሃብትና ንኣገልግሎት ህዝብና ከምዝውዕል ምግባር፤
መ.2. ባህርያዊ ሃብትና ብግቡእ ንምጥቃም ዘኽእለና ምቹእ ኩነታት ምፍጣር፤
መ.3. ካብ መሬር ንምውጻእ ብዙሕ ጻዕሪ ናይ ዘየድልዮም ማዕድናት ክንጥቀመሎም ምጅማር፤
መ.4. ንኣሽቱን ማእከሎትን ኢንዱስትሪታት ምምዕባል፤
መ.5. ኣብ ሕርሻ ምምርኳስን፡ ሕርሻዊ ኢንዱስትሪ ምምዕባልን፤
መ.6. ናውቲ ሕርሻ ዘፍርዩ ንኣሽቱ ኢንዱስትሪታት ምቛም፤
መ.7. ኢንዱስትርያዊ ምዕባለ ንባህርያዊ ከባቢና (ENVIRONMENT) ብዘይሃሲ ወይ ብዘይብክል ኣገባብ ንምምዕባሉ ምቅላስ።

## ሰ. ኣብ መዳይ መጓዓዝያን መራኽብን

ናይ መጓዓዝያን መራኸብን መሳለጢታት፡ ከም ናይ ደም ሱር ኰይኖም ንዘተፈላለዩ ቦታታት ብምርኻብ፡ ኣብ መንጎ ዜጋታት ናይ ሓንቲ ሃገር ዝግበር ባህላውን ምጣነ-ሃብታውን ዝምድናታት ዘቀላጥፉ ኢዮም። ስለ'ዚ፡-

ሰ.1. ነቲ ድሮ ቈይሙ ዘሎ ናይ መጓዓዝያን መራኸብን መሳለጢታት ምምዕባሉን ምስፍሑን፤
ሰ.2. ንዘተፈላለዩ ኣውራጃታት ኤርትራ ንምትእስሳር ዝተጸንዑ ናይ መጓዓዝያን መራኸብን መሳለጢታት ምድላው፤
ሰ.3. ንምጣነ-ሃብታውን ናይ ወጻኢ ንግድን ንጥፈታት ብዘማዕብል ኣገባብ፡ ናይ መሬትን ባሕርን ኣየርን መጓዓዝያ መስመራት ምስፋሕ፤
ሰ.4. ንግዲ ቱሪዝም ምምዕባልን ምትብባዕን።

# 3. ኣብ ሕብረተሰብኣዊ መዳይ

3.1. ናይ ሰራሕተኛታትን ሓረስቶትን ደቂ ኣንስትዮን ተመሃሮን መንእሰያትን ካልኦት ሞያውያን ማሕበራትን ንቓባታትን ምቛምን መሰረታዊ መሰላቶም ምሕላውን፤
3.2. ኣብነታዊ ዝኾኑ ሕርሻዊ ፕሮጀክትታት ብምቛም፡ ብመንሰ ዝናበሩ ሰበኽ ሳግም ቀዋሚ ሕርሻዊ መነባብሮ ከምዝህልዎም ምግባርን ምምሃርን፤
3.3. ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣብ ኵሉ ቦታታት ኤርትራ ብፍላይ ድማ ኣብ ገጠራት ኤርትራ ከምዘስፋሕፍሕ ምግባር፤
3.4. ዝተመጣጠነ ደረጃ ማሕበራዊ ዕብየት ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ቦታታት ኤርትራ ንምርግጋጽ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ'ቲ ብሰንኪ መግዛእታዊ ፖለቲካን ዲክታቶርያዊ ቅዋማትን ካብ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ተሓሪሙ ዝጸንሐ ገጠራት ኤርትራ ዳግመ መጽናዕቲ ምክያድ።

## ሀ. ኣብ መዳይ ትምህርቲ

ትምህርቲ መሰረት ናይ ፍልጠትን ምዕባለን ኢዩ። ምዕባለን ብልጽግናን ናይ ሓደ ሃገር ከኣ፡ ኣብ ስነ-ፍልጠታውን ብቑዕን ምልመላ ናይ ዜጋታቱ'ዩ ዝምርኰስ።

ሀ.1. ኤርትራውያን ዜጋታት ብዘይ ኣፈላላይ፡ ትምህርቲ ብናጻ ከምዝረኽቡ ምግባር፤
ሀ.2. ክሳብ ሻዱሻይ ክፍሊ ትምህርቲ ንኹሉ ኤርትራዊ ዜጋ ግድነታዊ ይኸውን፤
ሀ.3. መባእታዊ ደረጃ ትምህርቲ ብቛንቛ ትግርኛን ዓረብኛን ኰይኑ፤ ላዕለዋይ ደረጃ ግን ብእንግሊዘኛ ይኸውን። ትግርኛን ዓረብኛን ከኣ፡ ከም ቛንቛ ክሳዕ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ይቕጽል፤
ሀ.4. ስነ-ኪነታውን ተግባረ-ኢዳውን ኣብያተ-ትምህርቲ ምስፍሕፋሕ፤
ሀ.5. መሃይምነት ካብ ኤርትራ ንምጥፋእ ምቅላስ፤
ሀ.6. ብሃገራዊ ስርዓት-ትምህርቲ (CURRICULUM) ዝቐየዳ ብሕታዊ ኣብያተ-ትምህርቲ ክቘማ ምፍቃድ፤
ሀ.7. ንሕብረተሰብኣዊ ኵነታትና ኣብ ግምት ዘእተወ ሃገራዊ ትምህርታዊ መደብ ዕዮ ምድላው፤
ሀ.8. ሃይማኖታዊ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ሃይማኖት ጥራሕ ዝምህሩ እንተደኣኰይኖም ብዝመረጽኦ ቛንቛ ክምህሩ ይፍቀደሎም። ኣካዳሚካዊ ትምህርቲ ክህባ ምስ ዝደልያ ግን፡ ብዕላዊ ቛንቛታትን ብመሰረት ሃገራዊ መደብ ዕዮ ትምህርትን ክኸውን ኣለዎ።

## ለ. ኣብ መዳይ ጥዕና

ጥዕና፡ ኣብ ህይወት ወዲ ሰብ መሰረታዊ ጕዳይ ኢዩ። ጥዕና ማለት ከኣ፡ ካብ ተኋዳእቲ ድቀ ፍጥረት ምክልኻል ማለት ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ናይ ወዲ ሰብ ኣካላውን ኣእሙራውን ምልኣት

ምርግጋጽ ማለት'ውን ኢዩ። ጥዕና ዘለዎ ሕብረተሰብ ጥራሕ ከኣ ኢዩ ኣፍራዪን ምዕቡልን ክኸውን ዝኽእል። ኣብ'ዚ ብምምርኳስ ከኣ፡

ለ.1. ናጻ ዝኾነ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ንኹሉ ዜጋ ምብርካት፤
ለ.2. ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዝህባ ክሊኒካት ኣብ ገጠራት ኤርትራ ምስፍሕፋሕ፤
ለ.3. ኣገልግሎት ሓለዋ ጥዕና ንህዝቢ ምምሃር፤ ብዝያዳ ከኣ፡ ለበዳ ተላጋቢ ሕማማትን፡ ከም'ኒ ሕማም ኣይድስ ዚኣመሰሉ ዘስዕብዎኦ ሓደገኛነትን ብኣትኵሮ ምንቅቓሕ ምሃብ፤
ለ.4. ኣብ ትሕቲ መንግስታዊ ናይ ሕክምና ሕግታት ዝሰርሓ ብሕታውያን ናይ ሕክምና ትካላት ምፍቃድ፤
ለ.5. ሓኪም ዘይኣዘዞም፡ ንኣእምሮ ዘፍዝዙን ዘደንዝዙን መድሓኒታት ኣብ ኣገልግሎት ከይውዕሉ ምኽልካል፤
ለ.6. ባህላዊ ሕክምናታት ንምምዕባል፡ ኣድላዪ መጽናዕትታት ምክያድ፥ ከምኡ ውን፡ ባህላዊ ሓካይም ክምዕብልሉ ዝኽእሉ ናይ ምልመላ ዕድላት ምኽፋት።

## ሐ. ውጉኣት ሓርነትን ስድራ ቤት ስውኣትን

ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነትን ህዝባዊ ሓርነትን ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ብረታዊ ተጋድሎ ግቡኦም እናፈጸሙ እንከለው ዝተወግኡን ዝተሰውኡን፥ ዝናብዮም ዘይብሎም ህጻናትን ስድራ ቤታትን ዝገደፉ ዜጋታት፡ ንዝገበርዎ ሞያ ካብ ዘሎና መጕስን ኣኽብሮትን ተበጊስና፤ ከምኡ ውን፡ ስድራ ቤቶም ሓገዝን ክንክንን ከምዘድልዮም ብምግንዛብን፥ ነዚ ዝስዕብ ዕማማት ምርግጋጽ።

ሐ.1. ንውጉኣት ሓርነት ዝከናኸና ትካላት ምቛም፤
ሐ.2. ውጉኣት ሓርነት ንጡፍ ተሳትፎ ኣብ ሃገራውን ማሕበራውን ልምዓት መታን ክህልዎምን፤ ኣብ ገዛእ ርእሶም መታን ክምርኰሱን ዘድሊ ምልመላታት ይግበረሎም።
ሐ.3. ንውጉኣት ሓርነት ናይ ገዛ/እ ርእሶም ማሕበር ክህልዎም ምትብባዕን ምሕጋዝን፤
ሐ.4. ንስድራ ቤት ስውኣት ዝከናኸና ትካላት ምቛም፤
ሐ.5. ንደቂ ስውኣት ርእሶም ዝኽእልሉ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ምብርካት፤
ሐ.6. ንኣካላ ስንኩላን ዝኸውን ማይ ስፖርት ማእከላት ምቛም።

## መ. ገዳይም ተጋደልቲ

መንግስቲ ኤርትራ፡ ዓቕማ ብዘፍቅደላ ደረጃ ነብሶም ንዘይክእሉ ቀዳሞት ተጋደልቲ ክነብርሉ ዝኽእሉ ምቹእ ኩነታት ክትፈጥረሎም ይግባእ።

## ሰ. ዘኽታማት ኤርትራውያን

መንግስቲ ኤርትራ፡ ዘኽታማት ኤርትራውያን ዝናበይሉን ዝመሃርሉን መደበራት ናይ ምቛም ሓላፍነት ትስከም።

## ረ. ኣረጋውያን

ዝጸሮም ቤተ-ሰብ ዘይብሎም ኣረጋውያን ዝናበይሉ ትካላት ምቛም።

## ቀ. ጥሮተኛታት

ብዕድመ ወይ ብሕማም ምኽንያት ጥሮታ ዝኣተዉ ዜጋታት ናይ ጥሮታ ደሞዝ ይግበረሎም።

## ሸ. ደቂ ኣንስትዮ

ደቂ ኣንስትዮ፡ ፍርቂ ሕብረተሰብና ስለዝኾና፡ ምዕባለን ብልጽግናን ክረጋገጹ እንተደኣ ኰይኖም፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ፖለቲካውን ምጣነ-ሃብታውን ማሕበራውን መሰላት ክሕሎ ኣለዎ። እዚ፡ ብኸም'ዚ ዝስዕብ ክግለጽ ይከኣል።

ሸ.1. ደቂ ኣንስትዮ ጥቕመንን መሰላተንን ዝሕልዋሉ ናጻ ዝኾነ ማሕበር ክቑማ ክፍቀደለን ኣለዎ፤
ሸ.2. ጓል ኣንስተይቲ፡ ኣብ ኵሉ መዳያት ናይ ህይወት ብማዕርነት ክትሳተፍ መሰል ከምዘለዋ ብሕጊ ምርግጋጽ፤
ሸ.3. ሓደ ዓይነት ስራሕ ሓደ ዓይነት ደሞዝ፡ ካብ ዝብል መትከላዊ መንቀሊ፥ ደሞዝ ጓል ኣንስተይቲ ማዕረ ደሞዝ ወዲ ተባዕታይ ከምዝኸውን ምግባር፤
ሸ.4. ኣብ ግዜ ጥንስን ሕርስን፡ ደቂ ኣንስትዮ ዝዓርፋሉ ግዜ እኹልን ውሱንን ኰይኑ፡ ደሞዝ ናይ ምውሳድ መሰለን ሕልው ይኸውን፤
ሸ.5. መዋዕለ ህጻናት ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝሰርሓሉ ከባቢታትን ኣብያተ-ስርሓትን ምቛም፤
ሸ.6. ንሓርነት ጓል ኣንስተይቲ ዝጻረሩ ባህላውን ማሕበራውን ልምድታትን ሕግታትን ንምውጋድ ምቅላስ።
ሸ.7. ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ፡ ብሰንኪ ቊጠባዊ ጸገማት፡ ንኽብረተን ኣብ ዝትንክፍ ስርሓት ንከይወድቃ ምጽዓት።

## ቡ. ሰራሕተኛታት

ደርቢ ሰራሕተኛ፡ ጣልያን ንኣገልግሎት ሰራዊቱን መግዛእታዊ ምምሕዳሩን ክብል ኣብ ዝመስረቶም ናይ መገዲ ባቡራትን ጽርግያታትን ተለፎናትን ...ወዘተ ዝኣመሰሉ ትካላትን፥ ካልኦት ንኣሽቱን ማእከሎትን ፋብሪካታትን'ዩ ክቐውም ጀሚሩ። ጣልያን ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ድሕሪ ምስዓሩ ከኣ፡ እቶም ካብ ሰራዊቱ ዘፋነዎም ኤርትራውያን ዜጋታት ቅሙጥ ሓይሊ ናይ'ቲ ድሮ ኣብ ዕዳጋ ተዋፊሩ ዝነበረ ጒልበት ዕዮ (ሸቃሎ) ኰኑ። ከምኡ ውን፡ ገጠራት ኤርትራ፡ ብሰንኪ'ቲ መግዛእታዊ ስርዓታት ንሕርሻ ዝሃብዎ ትሑት ኣቓልቦን፥ ብሰንኪ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ዝኸይድ ዝነበረ ብዝሒ ናይ ተቐማጦን፡ ቀንዲ ምንጪ ናይ ሰራሕተኛ (ጒልበት ዕዮ) ኰይነን ጸኒሐን ኢየን።

ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ግዳም ዘለዉ ሰራሕተኛታት ድማ፡ ንህላዌን ቀጻልነትን ብረታዊ ተጋድሎና ኣገደስቲ ረቛሒ ኰይኖም ጸኒሖም ኢዮም። ሕጂ ውን ኣብ ዳግመ-ህንጻ ናይ'ዛ ብውግእ ዝዓነወት ሃገርና ንዘጋጥሙና መኸተ፡ መሪሕ ግደ ሰራሕተኛታትን ዘመናውያን ሓይልታትን ዓቢ ምኻኑ ከነረጋግጽ ንፈቱ። እዚ ስለዝኾነ ከኣ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኵሉ ኣእሙራውን ጒልበታውን ዓቕምታት ሰራሕተኛታት ኤርትራውያን ክውሕዘሉ ዘኽእል ምቹእ ሃዋህው ምፍጣር ሓላፍነታ ኢዩ። ስለ'ዚ፡-

ቡ.1. ናይ ሰራሕተኛታት መሰላትን ጥቕምታትን ዝሕሉ ናጻ ንቓባዊ ማሕበር ናይ ምቛም መሰል ምሕላውን ምትብባዕን፤ ከምኡ ውን፡ ናይ ሰራሕተኛታት ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ምክያድ መሰል ምሕላው፤
ቡ.2. ተራ ሰራሕተኛ ክኽፈሎ ዝግባእ ዝተሓተ ደረጃ ደሞዝ ምውሳን፤
ቡ.3. መንግስቲ፡ ሰሙናውን ዓመታውን ዕረፍቲ ናይ ሰራሕተኛታት ይውስንን፤ ምሉእ ደሞዞም ኣብ ግዜ ዕረፍቶም ከምዝኽፈሉ ይገብርን፤
ቡ.4. መንግስቲ እስትሕጋግን ጥሮታን ናይ ሰራሕተኛታት ዝውስን ሕግታት ይሕንጽጽ፤'
ቡ.5. ሰራሕተኛታት፡ ክእለቶምን ፍልጠቶምን ዘማዕብልሉ ዕድላት ምኽፋት፤
ቡ.6. ኣብያተ-ስራሕ፡ ንጥዕና ናይ ሰራሕተኛታት ብዝሕሉን ብዝምችእን ኣገባብ ከምዝተሓዙ ምግባር፤

በ.7. ኣብ ስርሖም ጒድኣት ንዘጋንፎም ሰራሕተኛታት ናይ ምንባር ውሕስነት ክምዝህልዎም ምርግጋጽ።
በ.8. ኣብ ናይ ስራሕ ዕድመ ዘይበጽሑ ህጻናት ኣብ ኣብያተ-ስርሓት ንኸይቍጸሩ ምኽልካል።

## ተ. ሓረስቶት

ሓረስታይ ኤርትራ፡ ዝበዝሐን ብመግዛእቲ ድማ ኣዝዩ ዝተገፍዐን፥ ዝኸበደ ጾር ናይ ብረታዊ ተጋድሎና ተሰኪሙ ዝጸንሐን ክፍሊ ናይ ሕብረተሰብና ስለዝኾነ ብሓደ ሸነኽ፡ ንምጣነ-ሃብታዊ ትሕዝቶ ሃገርና ኣብ ምምዕባል ዘለዎ ዓቢ ተራ ድማ ብኻልእ ሸነኽ፡ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንመሬት ናይ ምጥቃምን ብፍሬኣ ድማ ናይ ምሕጓስን መሰሉ ምሕላውን፥ ዅነታት መነባብሮኡ ንምምሕያሽን ቀዳማዊ ቦታ ክወሃቦን ዓቢ ትኹረት ክግበረሉን ኣለዎ፡ ስለ'ዚ፡-

ተ.1. ተሳትፎ ሓረስቶት ኣብ ፖለቲካዊ ህይወት ሃገርና ምርግጋጽን፥ ሓረስቶት ናይ ገዛእ ርእሶም ናጻ ዝኾነ ንቓባዊ መሕበር ክቐም ምፍቃድን፤
ተ.2. ሃገራዊ እቶት ክብ ንምባልን፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምርግጋጽን፡ ሓረስቶት ኣብ መስርሕ ሕርሻዊ ጽገናታት ንጡፍ ግደ ክምዝህልዎም ምርግጋጽ፤
ተ.3. ዅነታት መነባብራኦም ንምምሕያሽን ናይ ማእቶት ክእለቶም ክብ ንምባልን፥ ሓረስቶት ዝምልመልሉ መደባት ምስራዕ፤
ተ.4. ፍርያቶም ኣብ ዕዳጋ ናይ ምውድዳር ብቕዓት ምእንቲ ክህልዎ፡ ናይ ሓረስቶት ናይ ሓባር ስርሓት ማሕበራት ምቛም፤
ተ.5, ኣብ ገጠራት ኤርትራ፡ ናይ ትምህርትን ጥዕናን ኣገልግሎት ምስፍሕፋሕ።

## ቀ. ኣብ መዳይ መንእሰያት

መንእሰያት፡ ኣብ ማሕበራዊ ቅርጺ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ኣገዳሲ ቦታ ኣለዎም። ከምኡ ውን፡ መንእሰይ ኣብ ማእቶትን ልምዓትን ኣብ መስርሕ ዳግመ-ህንጻን ለውጥታት ናይ ሓደ ሃገር ንጡፍ ግደ ዝጻወት ሓይሊ ኢዩ። ስለ'ዚ፡ ነቲ እንምነዮ ዘሎና ሓድሽ ሕብረተሰብ ንምህናጽ መታን ክንበቅዕ፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ዘመናውን ስነፍልጠታውን ምርኹሳት እተሰረተ፥ ንሃገራዊ ልምዓት ዘገልግል፥ ዕላማ ዘለዎን ተባላሓትን መንእሰይ ንምፍጣር ዝግባእ ተገዳስነት ክትገብረሉ ኣለዋ። ነዚ ማእከላዊ ዕላማ'ዚ ንምዕዋት ድማ፡ ዅሉ መንግስትዊ ትካላት ነዚ ዝስዕብ ዕማማት ኣብ ምዕዋት ክሳተፍ ኣለዎ።

ቀ.1. ናይ መንእሰያት ማሕበራት ናይ ምቛም መሰል ምዕቃብን ምትብባዕን፤
ቀ.2. መንእሰይ ኤርትራ፡ ብዘይ ኣፈላላይ ጾታ፡ ኣብ ዅሉ ዓይነት ስፖርት ንክሳተፍ ምትብባዕ። ከምኡ ውን፡ ናይ መንእሰያት ክበባትን ስፖርታዊ ማእከላትን ኣብ ከተማታትን ገጠራትን ምቛም።

## ወ. ስደተኛታት

ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ብዘይ ገለ ተጽዕኖን ጸቕጥታትን ናብ ሃገሮም ክምለሱን ክጠየሱን ዘኽእሎም ምቹእ ዅነታት ምፍጣር፤

ወ.1. ናብ ሃገሮም ክሳዕ ዝምለሱ፡ ኣብ'ቲ ናይ ስደት ሃገሮም መሰላቶም ክሕለወሉ ዝኽእል ዅነታት ምፍጣር፤
ወ.2. ስደተኛታት፡ ምስ ሃገሮም ዘለዎም ምትእስሳር ከምዝድልድል ምግባር።

# 4. ኣብ ባህላዊ መዳይ

ባህሊ፡ ኣድላዩነቱ ንሓደ ሕብረተሰብ ልክዕ ከም ማይን ኣየርን ንሓደ ሰብ'ዩ። ስለ'ዚ፡ ስልጡናት ኣህዛብ ንጉዳይ ባህሊ ዓቢ ኣገዳስነት ኢዮም ዝህብዎ።

ንሕና ውን፡ ሰላምን ዲሞክራስን ፍትሕን ዝሰፈኖ ሕብረተሰብን ዘመናዊ ዜጋ ንምህናጽን ኣብ እንካይዶ ዘሎና ቃልሲ፡ ዝተሓላለኸን ምስ ባህሊ ዝተኣሳሰረን መኸተ ኣብ ቅድሜና ተደቂኑ ይርከብ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ፡ በዚ ናይ ሎሚ ህልዊ ዶባታ እትፍለጥ ኤርትራ ካብ እትምስረት ካብ ሓደ ሚኢቲ ዓመት ስለዘይበዝሕን፥ ሕብረተሰብ ኤርትራ ውን፡ ምስ'ዚ ተታሓሒዙ ዝቔመ ሓድሽ ክውንነት ስለዝኾነን ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ሚኢቲ ዓመታት እዚኣተን፡ መግዛእታዊ ሓይልታት ንህዝቢ ኤርትራ ከይምዕብልን፡ ናብ ሓደ ዝተዋሃሃደ ማሕበራዊ ክውንነት ከይሰግርን ዕንቅፋት ክፈጥርሉ ስለዝጸንሑን ኢዩ።

እምበኣርከስ፡ ብርክት ዝበሉ ጉዳያት፡ ከም ናይ መንነት ሕቶ ኣብ ዝለዓልሉ እዋን፥ ኤርትራዊ ክውንነትን ስነ-ኣእሙራዊ ረቛሕትታትን ምድልዳል ሃገራዊ ሓድነትን ምርግጋጽ ሃገራዊ ልምዓትን ...ወዘተ ዝኣመሰሉ ጉዳያት ኣብ ግምት ብዘእተወ ኣገባብ'ዩ ክእለ ዝግባእ። ስለ'ዚ፡-

4.1. ድሑር ውርሻዊ ባህልታትን ልምድታትን ሕግታትን ብሃገራውን ስልጡንን ባህልን ልምድን ሕግን ምትካኡ፤
4.2. ኣብ ርእሲ'ተን ዕላውያን ቋንቋታት፡ ካልኦት ኣብ ኤርትራ ዝርከባ ቦታውያን ቋንቋታት ዝዛረብ ቋንቋዊ ጉጅለታት ብናይ ኣደ ቋንቋኦም ኪመሃሩን ባህላዊ ንጥፈታቶም ከካይዱን ዘለዎም መሰል ሕልው ይኸውን። ከምኡ ውን ናይ ወጻእተኛታት ማሕበረ-ሰባት፡ ተመሳሳሊ መሰላቶም ሕልው ይኸውን፤
4.3. ናይ ስነ-ጽሑፍን ትያትርን ኪነትን ንጥፈታት ንምስፍሕፋሕ ናይ ባህልን ኪነትን መደበራትን ኣብያተ-ንባብን ምቛም
4.4. ባህላዊ ቤተ-መዘክር (ሙዘይም) ምምስራት፤
4.5. ትግርኛን ዓረብኛን ዕላዊ ቋንቋታት ኤርትራ ምዃኖም ምእማን።

# 5. ኣብ መዳይ ምክልኻል ሃገር

ዕላማና፡ ሰላምን ዲሞክራስን ዝሰፈና ሃገር ምህናጽን፥ ኣብ ዞናን ኣብ ዓለምን ሰላምን ርግኣትን ንምርግጋጽ ኢዩ።

እዚ ማለት ከኣ፡ ምስ ጐረባብቲ ዝኾና ሃገራትን መንግስታትን ኣብ ጽቡቕ ጉርብትናን ሕውነታዊ ምሕዝነትን ዝተመርኮሰ ዝምድናታት ንምፍጣር ብኸሉ እንውንኖ ዓቕሚ ምስራሕ ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ብውግእ ንዝዓነወ ሃገርና ንምህናጽ፡ ኩሉ ዓቕምታትና ኣብ'ቲ መሰረታዊ ዝኾነ ናይ ዳግመ ህንጻ ዕማማት ክንጸምዶ ንጥለብ።

ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ዕላማና፡ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ወረራታትን ዝከላኸልን፥ ንሕገ-መንግስትን ሕገ-መንግስታዊ ትካላትን ዝሕሉን፥ ኣብ ማእቶት ዝሳተፍን ሃገራዊ ሰራዊት ምህናጽ ኢዩ። እዚ ከኣ፡ በዚ ዝስዕብ ኣገባብ ይረጋገጽ።

5.1. ንሃገር ንምክልኻል ዝዓለመ ሰራዊት ይህነጽ፤
5.2. ኣብ ኤርትራ ናይ ወጻኢ ሓይልታት መደበራት ክትከል ዘይምፍቃድ፤
5.3. ነቲ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ዝቖመ ሕገ-መንግስትን ሕገ-መንግስታዊ ትካላትን ምሕላው፣
5.4. ኣብ ትሕቲ ኣህጉራዊ ሕጋውነት እንተዘይኰይኑ፡ ኣብ ናይ ካልኦት ሃገራት ውሽጣዊ ጉዳያት ሰራዊት ዘይምልኣኽ፤
5.5. ከባቢና ካብ ምብካል ንምክልኻል፡ ባዮሎጂካውን ቅመማውን ኑክልየራውን ናይ ጥፍኣት መሳርያታት ኣብ ኤርትራ ከይፈርዩን ከይኽዘኑን ምኽልካል፤

5.6. ናይ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ሕግታት ምውጻእ፤
5.7. ወተሃደራዊ ትካል፡ ፖለቲካዊ ሻርነት ዘይብሉ ኰይኑ፡ ዕማሙ ንሃገር ምክልኻል ጥራሕ ይኸውን። ሰራዊት ከኣ፡ ነቲ ብመሰረት ሕገ-መንግስቲ ኤርትራ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ዝተመርጸ መንግስቲ ምእዙዝ ይኸውን፤
5.8. ሃገራዊ ሰራዊት ኣብ ማእቶት ይሳተፍ፤
5.9. ኣብ ሃገራዊ ሰራዊት ክቕጽሉ ዘይክእሉ ኣባላት ሰራዊት፡ ርእሶም ዝኽእልሉ ምልመላታት ይግበረሎም።

# 6. ኣብ መዳይ ወጻኢ ዝምድናታት

ምስ ኣብ ከባቢና ዝርከባ ሃገራት ናይ ምሕዝነትን ጽቡቕ ጉርብትናን ዝምድናታት ምፍጣርን፤ ምስ ኣህጉራዊ ማሕበራትን መንግስታትን ድማ ምሕዝነት ምድልዳልን ገለ ካብ'ቶም ኣገደስቲ ረቛሕቲ ንምህናጽ ናይ'ዛ ብውግእ ዝዓነወት ሃገርና ኢዮም።

ስለ'ዚ፡ ንልዑል ሃገራዊ ረብሓታት ዝጉድኡ ናይ ወተሃደራዊ ስምምዓትን ምሕዝነታትን ካብ ምግባር ርሒቕና፥ ኣብ ወድዕነትን ተዓጻጻፍነትን ዝተመርኰሰ ፖለቲካ ክንክተል ይግባእ።

ስለ'ዚ፡ ናይ ውድብና ናይ ወጻኢ ፖለቲካ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ነጥብታት ዝተመርኰሰ ይኸውን።

6.1. ልዑላውነት ሃገረ ኤርትራ ምዕዛዝን ምክልኻልን፤
6.2. ኣብ ናይ ካልኦት ሃገራት ውሽጣዊ ጉዳያት ጣልቃ ዘይምእታው፤
6.3. ናይ ሰላምን ዲሞክራስን ኣዕኑድ ብደረጃ ሃገርንን ዞናንን ዓለምን ምድልዳል፤
6.4. ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ጽቡቕን ድልዱልን ምሕዝነት ምፍጣር፤
6.5. ኣብ መንጎ ህዝብናን ኣህዛብ ጐረባብቲ ሃገራትን፡ ሰላምን ርግኣትን ስኒትን ከረጋግጽ ዝኽእል ናይ ወጻኢ ፖሊሲታት ምኽታል፤
6.6. ኣህጉራዊ ስምምዓትን ቻርተራትን ምኽባር፤
6.7. ኣንጻር ጭቆናን ዓሌታዊ ፍልልያትን ምቅላስ፤
6.8. ኣብ ፍትሒ ዝተመርኰሰ፡ ኣህጉራዊ ምጣነ-ሃብታዊ ስርዓት ንምቛም፡ ኣብ መንጎ ኢንዱስትርያውያን ሃገራትን ኣብ መንጎ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራትን ዘተ ክግበር ይጽውዕን ይሳተፍን፤
6.9. ናይ ሓባር ጥቕምታት ንምርግጋጽ፡ ኣብ ማዕርነትን ምክብባርን ዝተመርኰሰ ምሕዝነት ምስ ኩለን መንግስታት ዓለም ምፍጣር።

# 7. ጉዳይ ስደተኛታት ኣብ ኤርትራ

ናይ ኤርትራ መንግስቲ፡ ነቶም ብምኽንያት ፖለቲካዊ ርእይቶኦም ኰነ፡ ሃይማኖታዊ እምነቶም ወይ ካልእ ሰብኣዊ ምኽንያታት፡ ንምስጓግ ካልእ ሓደጋታትን ዝተሳጥሑ ዜጋታት ካልኦት ሃገራት፡ ጽላልን ድሕነትን ናይ ምቕማጥ መሰለን ዝረኽብሉ ሕግታት ኣብ ሕገ-መንግስቲ ንኸጽድቕ፡ ውድብና ዝሕለቐሉ ሰብኣውን ፖለቲካውን ጉዳይ ኢዩ።

ኣብ ኤርትራ ዝዕቈቡ ስደተኛታት፡ ንኾነታቶም ንምግላጽን ንዘጋጥሞም ሽግራት ንምእላይን ከጋጥሞም ንዝኽእል ግህሰታት ንክከላኸሉን መታን ኪኽእሉ፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ማሕበራትን ናይ ሕጊ ዋልታ ክህልዎምን ብሕጊ ኪጸድቕ ይሕለቕ።

ብጉዳይ ስደተኛታት ንዝጸደቑ ኣህጉራዊ ውዕላትን ቅዋማትን ምሉእ ብምሉእ ምእዙዝነቱ ንምርግጋጽን ንምምዕባልን ንምዕሟቕን ይቃለስ።

# ፖለቲካዊ ውሳኔታት 5ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ

5ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ፡-

ሀ. ኣብ ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምምስራት ዝጠልብ ዓንኬላት፥ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝገዝእ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ከይተረፈ፡ እናሰፍሐ ይኽይድ ምህላዉ ዘመልክት ኣወንታዊ ኣንፈታት ብምግንዛብ፤

ለ. ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ብምርግጋጹ ዝተጠርየ ኣንፈታት ሃገራዊ ስኒትን፡ ዲሞክራስያዊ ልምድታትን ንምምዕባል ዘሎ ዕድላት ብምርግጋጽ፤

ሐ. ብኣህጉራዊ ደረጃ፡ ዲክታቶርያዊ ባህርያት ህግዲፍ እናተጋለጸ ምምጻኡን ብምውስትውዓል፤

መ. ኣብ ውሽጢ ህግሓኤ ንብዙሕ ዓመታት ዓቢ ተራ ዝነበሮም ኤርትራውያን ምሁራት፤ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ሃገር ዝጠልቦ ታሪኻዊ ሓላፍነት ንምስካም ምብጋሶምን፡ ዝምጉስ ኣወንታዊ ተርእዮ ምዃኑ ኣብ ግምት ብምእታው፤

ሰ. ብሰንክ'ቲ ስርዓት ህግዲፍ ክኸተሎ ቅዋማት፡ ህዝብና ካብ'ቲ ዘሕልፎ ዘሎ ስቅያትን፡ ሓሳረ-መከራን ንምልቓቕ፡ ዘርእዮ ዘሎ ርሱን ተቓውሞታት ብምግንዛብ፤

ረ. ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ስርዓት ኣስመራ ኣብ ትሕቲ ሽፋን ዲሞክራስያዊ ምርጫ ዘሰላስሎ ዘሎ ንጥፈታት፥ ወዲቕዎ ካብ ዘሎ ዓዘቕቲ ወጺኡ፡ ንገዛእ ርእሱ ሕጋውነት ንምልባስን፥ ኣብ ውሽጢ ኰነ ኣብ ወጻኢ ኣንጻር'ቲ ስርዓት ንዝካየዱ ዘለዉ ተቓውሞታት ንምድቋስን ዚሕልን ፈተነ ምዃኑ ብምፍላጥ፤

ነዚ ዝስዕብ ውሳኔታት የመሓላልፍ፡-

1. ሓሙሻይ ጉባኤ ተሓኤ ሰ.ባ፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራውያን ዜጋታትን ፖለቲካዊ ሓይልታቱን ክፉት ሃገራዊ ልዝብ ኪሰላሰል፡ ውድባዊ ቅሩብነቱ የረጋግጽ። ንመሪሕነት ውድብ ድማ፡ ንምዕዋቱ ዘኽእል ኣድላዪ ስጉምትታት ክወስድ ይምዝዝ።
2. ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ብዝያዳ ንኽድልድልን ንኽሰፍሕን፡ እዚ መድረኽ'ዚ ዝጠልቦ ታሪኻዊ ሓላፍነት ብብቕዓት ንኽስከምን፤ ተሓኤ ሰ.ባ ኣወንታዊ ተራኡ ኪጻወት ምዃኑ የረጋግጽ።
3. ኣብ ኤርትራ ዝርአ ዘሎ ኣወንታዊ ምዕባለታት ንምስንኻል ዝግበር ዝተፈላለየ ፈተናታት ንምፍሻልን፤ ነቲ ኣወንታዊ ጐድንታቱ ንቕድሚት ንምድፋእን፤ ኵሉ ዓቕምታት ውድብ ከዋፍር ምዃኑ የረጋግጽ።
4. ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ፡ ኣብ ጐድኒ'ዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ውሳኔታት ደው ንኽብል፥ ተሓኤ ሰ.ባ ጽዑቕ ዲፕሎማስያውን ዜናውን ንጥፈታት የካይድ።
5. ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ፡ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2001 ከካይዶ መዲቡ ዘሎ ዘይዲሞክራስያዊ ምርጫ፥ ንሓድነት ህዝብና ኣብ ሓደጋ ዘእቱን፡ ንዲሞክራስያዊ መሰላት

ህዝብና ዚረግጽን፡ ንባህግታቱን ትጽቢታቱን ዘበርዕንን ስለዝኾነ፡ ሓሙሻይ ጉባኤ ኣትሪሩ ይነጽጎ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ንረብሓኡን መሰላቱን ዝሕሉ፡ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንኽምስርት ቃልስታቱ ከሕንን ድማ ይጽውዕ።

6. ምሁራን ኤርትራ፡ ነቲ ጀሚሮሞ ዘለዉ ኣወንታዊ ተቓውሞ፡ ምስ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ፖለቲካዊ ሓይልታቱን ሰሪዮም፥ ንኹሉ ዓቕምታቶም ኣብ ፈለግ ተቓውሞ ክጽንብሩ 5ይ ጉባኤ ጸዋዕታኡ የቕርብ።
7. ሓሙሻይ ጉባኤ፡ ነቲ ትጽቢት ዝንበረሉ እዋናዊ ምስፉሕ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ንምዕኳኽ፡ ንመሪሕነት ተሓኤ ሰ.ባ ምስ'ቶም ዲሞክራስያ ንምስፉን ዝቃለሱ ዝተፈላለዩ ጉጅለታትን ባእታታትን ዘድሊ ዘተ ክኸፍትን፥ ኣድላዪ ውሳኔታት ክወስድን ሓላፍነት የሰክሞ።
8. ሓሙሻይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰ.ባ፡ ንሕቶ መተካእታ ናይ'ዚ ዘንቈልቍል ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብዝምልከት፡ ብመሰረቱ ህዝቢ ኤርትራ ንኹሉ ፖለቲካዊ ሓይልታቱ ብዘሳትፍ መንገዲ ዝምስርቶ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ደኣ'ምበር፥ ዝኾነ ሓደ ውድብ፡ ወይ ጉጅለ፡ ወይ ሰልፊ፡ ከም መተካእታ ክኸውን ከምዘይክእል እናኣመነ፥ ተሓኤ ሰ.ባ ኣብ ጉዕዞ ምትካል ናይ'ዚ ሓቀኛ ዲሞክራስያዊ ስርዓት'ዚ ኣወንታዊ እጃሙ ከምዘልዕል የረጋግጽ።
9. ሓሙሻይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ንጥቕሚ ህዝቢ ኤርትራ ዘይሕሉ ውዕላት፡ ከምዘይቕበሎ ድማ የነጽር።

# ሓሙሻይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ
# ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ
# 14-18 ነሓሰ 2001

## ደምዳሚ ኣዋጅ ሓሙሻይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ
## ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ

ጅግና ተቓላሳይ ህዝቢ ኤርትራ!
ጽኑዓት ተቓለስቲ ኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
ኣዕሩኽን ኣሕዋትን

በዚ ኣዋጅ'ዚ ኣቢልና፡ ሓሙሻይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ውድብና ከም እተኻየደን ብዓወት ከም እተዛዘመን ነበስረኩም።

ጉባኤና፡ ካብ'ቲ ንራብዓይ ሃገራዊ ጉባኤ ከቢቡ ዝነበረ ኩነታት ዝተፈልየ ኣህጕራውን ዞባውን ምዕባለታት ኣብ ዝረኣየሉ እዋን፥ "ሓሙሻይ ሃገራዊ ጉባኤ ንስኒት፡ ንዲሞክራሲ፡ ንዕብየት" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ካብ ዕለት 14-18/8/2001 ተኻየደ።

ሓሙሻይ ጉባኤና፡ ኣብ ምስልሳል ዕዮታቱ፡ ብሰውራዊ ባይቶ ንዝቐረበሉ ፖለቲካዊ ጸብጻብ ብዕምቈት ተመያይጡ ኣጽደቐ። መላእ ሃገርና ኣትይዎ ንዘሎ ኩነታት ብምምዛን ከኣ፡ ዕማማት ሓድሽ መድረኽ ዝሓቶ ኣገደስቲ ምምሕያሻት ብምትእትታው ናይ ውድብ ፖለቲካዊ ፕሮግራምን ስርዒታዊ መደብ ዕዮን ኣጽደቐ። ከምኡ'ውን፡ ኣብ ኤርትራዊ መድረኽ ወጺኡ ብዛዕባ ዘሎ ህያው ጉዳያት ንመርገጽ ውድብና ዘነጽርን ንተጋድሎና ናብ ደረጃ ድሌታት ህዝብናን ኣባላት ውድብናን ክብ ዘብል ፖለቲካዊ ውሳኔታት ኣጽደቐ።

ተቓላሳይ ህዝብና!

ጉባኤ፡ ንህልዊ ፖለቲካዊ ምዕባለታት ብዥሉ መዳያቱ፡ ብዕምቈት ተመልኪቱ። ኣብ ኤርትራዊ መዳይ፡ ስርዓት ህግዲፍ ከም'ቲ ቅድሚ ሓሙሽተ ዝነበሮ ሃለዋት፡ ማለት፡ ምስ ኵሎም ጐረባብቲ ሃገራት ግርጭት ኣብ ዝጽሕትረሉ፥ ውግኣት ኣብ ዘባርዓሉ፥ ናይ ዞናና ቅልውላዋት ኣብ ዘሳውረሉ፤ ብሓፈሻ ድማ፡ ናይ ዞባ ሓያል ወገን ኪኸውን ኣብ ዝሓልመሉ ዝነበረ ኵንታት ዘይኰነስ፥ ሎሚ፡ ኣብ ዝደኸመ ክውንነት ወዲቑ ይርከብ። እቲ ስርዓት ዝተኸተሎ ሃላሊ ቅዋማትን ዝወልዖ ከንቱ ውግኣት እውን፡ ሳዕቤኑ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ኢዩ ወዲቑ። ብእልፍታት ዝቝጸሩ ደቑ ሃሊቖም፤ በማእት ኣሽሓት ዝግመቱ ካልኦት'ውን ካብ መነባብሮኦም ዝተመዛበሉን፥ ናብ ሓድሽ ስደት ዘምርሕሉን ኣስካሕካሒ ኵነታት ኣጋጢምዎ ይርከብ። እዚ መከራን ስቅያትን'ዚ፡ ደቂ ኤርትራ ኣዒንቶም ብምኽፋት ተኸዊልዎም ንዝጸንሐ ብዙሕ ሓቅታት ብትኽክል ኪፈልጡ ኣኽኢልዎም ኢዩ። ኤርትራውያን፡ ብዝወረዶም ግፍዕን ጭቆናን፡ ብሳዕቤናት ናይ'ቲ ውግኣትን ዘሰነዮ ሕፍረትን ኣብ ርእሲ ምስቓዮም፥ እቲ ስርዓት ኣብ ናይ ስዕረት ኵነታት ወዲቑ፡ ናይ ዝሰዓረ ሸነኽ ቅድመ-ኵነት ተቐቢሉ፡ 25 ሽሕ ኪሎ ሚተር ትርብዒት ካብ መሬት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ኣህጉራዊ ቊጽጽር ኪኸውን ዘገድድ ስምምዕ ብምኽታሙ፡ ዘሕንኽ ኵነታት ገጢምዎ ኢዩ። ስርዓት ህግዲፍ፡ ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ፡ ዘሕንኽ ስምምዓት ዝወደቐ፥ ብውድብና ኰነ፡ ብኣህጉራዊ ሕብረተሰብ፡ ነቲ ብውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ዝቐረበ፡ ከም'ዚ ዝዓይነቱ ኣሕናኺ ቅድመ-ኵነት ውን ዘይነበሮ፡ ናይ ፍታሕ እማመ ኪኽትም ዝተገብረሉ ጸዋዒት ብብድዐ ድሒሪ ምንጻጉ ነይሩ።

እቲ ስርዓት ንገዛእ ርእሱ፡ ካብ ኣሰራት ናይ'ቲ ብገዛእ ርእሱ ዝፈጠሮ ሽግር ኪድሕን ከምዘይክኣለ ተጋሂዱ ይርከብ። ኣብ ውሽጢ'ቶም ብሓሶት ከታልሎም ዝጸንሐ ኣባላቱ ይኹን ምስኡ ኪደናገጹ ዝጸንሑ ሸነኻት፡ ዝነበሮ ተኣማንነት ወደቐ። እቶም ንግጉይ ቅዋማቱ ከመኽንዩሉ ዝጸንሑ ኤርትራውያን ምሁራት'ውን፡ ናይ ሓደ ሰብ ዲክታቶርነትን ንባህርያት ስርዓቱን ኪንቕፉ፥ ምርግጋጽ ሃገራዊ ዕርቅን ፖለቲካዊ ብዙሕነትን ኪጠልቡን ኪጽሕፉን ኪዛረቡን ይርከቡ። ምዕባለታት ኣብ'ዚ ጥራሕ ከይተሓጽረ፡ ኣብ ውሽጢ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር'ውን በሊሕ ፍልልያት ተፈጥረ። ሓደ ጒጅለ ኣብ ውሽጢ'ቲ መሪሕነት፡ ኣብ ፓርትን መንግስትን፡ ናይ ሓደ ሰብ ዕብለላ ብምስፋኑ ኪነቕፍን ብልሽውና ምስፍሕፋሑ ከጋልጽን ይርአ እንሆ።

እዚ ኣብ ውሽጢ ገዛኢ መንግስታዊ ትካል ዝርአ ዘሎ ምዕባለታት፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ምድኻም፡ ተራኡ ከምዝተጻወተ ጥርጥር የብሉን። የግዳስ፡ እዚ ተራ'ዚ ብብቕዓት ንኪሰላሰልን፥ ኣብ መንጐ መሪሕነታዊ ኣካላት ዝርአ ናይ ስልጣን ውድድር ኰይኑ ንከይተርፍን፥ ኵሉ'ቲ ንውልቃዊ ኣመራርሓ ናይ ኢሳያስ ዝጻረር ሸነኻት፡ ፖለቲካዊ መንነቱ ከነጽርን፥ ብዛዕባ'ቲ ንህዝብና ኣሻቒሉ ዝርከብ መሰረታዊ ጉዳያት ንጹር መርገጽ ኪወስድን ይግባእ።

ብሰንኪ'ዚ ዝተጠቕሰ ረቛሒታት፡ ስርዓት ኤርትራ፡ ብፍላይ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ኣብ ዝደኸመ ሃለዋት ይርከብ። ብኣንጻሩ፡ ውድብና፡ ካብ'ቲ ኣብ እዋን ራብዓይ ጉባኤኡ ዝሓልፎ ዝነበረ ጽንኩር ኵነታት ወጺኡ፡ ሎሚ ኣብ ዝሓሸን ዝማዕበለን ሃለዋት ይርከብ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ፡ ስርዓት ኣስመራ፡ ነቲ ምስ ናይ ዞናና ሃገራት ዝነበሮ ዝምድናታት ተጠቒሙ፡ ካብ ኵሉ ቦታታት ከሳጒጐናን ኪሃድነናን ይጽዕት ነበረ። ግና'ኸ፡ ውድብና፡ ንዝገጠሞ ናይ ተንኰል ማእለማታት ብብቕዓት መኪቱ ኣፍሺሎ። ኣብ ምርግጋጽ ሓድነት ሃገራዊ ተቓውሞን ምምስራት ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራን እውን ምርኡይ ተራኡ ኣበርኪቱ።

ኣብ ዞናዊ መዳይ፡ ሓሙሻይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ነቲ ዞናና ዚሓልፎ ዘሎ ሃለዋት ብትኹረት ድሕሪ ምምዛኑ፤ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ካብ ዝሓለፈ መድረኻት ብዝገደደ፡ ኣብ ጕንጽታትን ውግኣትን ተዋሒጡ ከምዝርከብ ተመልኪቱ። ሓው ህዝቢ ሶማል፡ ንዓሰርተታት ዓመታት ዝኣክል፡ ኣብ ናይ ሕድሕድ ጐንጺ ተነቕቱ ጸኒሑ'ዩ። ድሕሪ ስምምዕ ዓርታ-ጂቡቲ፡ ሶማላውያን ሓደ መንግስቲ ከቝሙ ብምኽኣሎም፡ ከምኡ ውን፡ ድሕሪ ስምምዕ ኣልጀርስ፡ እቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተወሊዑ ዝነበረ ኣብ ታሪኽ ናይ'ዚ ዞና'ዚ ዝመረረ ሳዕቤናት ዘኸተለ ጨካን ኲናት ጠጠው ብምባሉ፥ ሓሙሻይ ጉባኤ ንሰላምን ቅሳነትን ዚእምት፡ ናይ ተስፋ ጩራ ኪቀላቐል ከም ዝጀመረ ተመልኪቱ። ይኹን'ምበር፡ እቲ ሓደጋታት'ዚ ናብ ዞናና ክምለስ ዝኽእለሉ ምናልባታት

ኪስወረና ኣይግባእን ብማለት ኣጠንቀቐ። ምኽንያቱ፡ ብሓደ ሸነኽ፡ ነቲ ኣብ ሶማል ቁይሙ ዘሎ መንግስቲ ዝቃወሙ ሶማላውያን ሓይልታት ጌና ኣብ ቍርቍስ ብምህላዎም፥ ብኻልእ ሸነኽ ድማ እቲ ኣብ ዞናና ወትሩ ግርጭታትን ውግኣትን ክጽሕትር ዝጸንሐ ስርዓት ኢሳያስ ጌና ኣብ ስልጣን ብምህላዉ፥ ንናይ ዞናና ርግኣትን ቅሳነትን ኪርብሽ ዝኽእል ሓደጋታት የንጸላልዎ ኢዩ።

ኣብ ኣህጕራዊ መዳይ፡ ጒባኤና፡ ነዚ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ፡ ዓለምና ዝርእዮ ዘሎ፡ ብሓደ ዓለማዊ ሓይሊ ዝዕብለል ኣህጕራዊ ክውንነት ተመልከተ። ንቲ ብግሎባላውነት ዝፍለጥ፡ ብፖለቲካውን ምጣነ-ሃብታውን ምጥርናፋት ድማ ዝልለ ኣህጕራዊ ሃለዋት ብዕምቈት መዘኖ። ብተወሳኺ፡ ኣብ መንጐ ሃገራት ሰሜንን ደቡብን እናሓደረ ዝገፍሕ ዘሎ ጋግ ብምምልካት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ኵርንዓት ዓለምና ዝካየድ፡ ንሓደጋታት ግሎባላውነት ዝጸረር፡ ህዝባዊ ተቓውሞታትን ሰልፍታትን፡ ናይ'ዚ መድረኽ'ዚ ተወሳኺ መለለዩ ምዃኑ ኣገንዘበ።

ጽኑዕ ተቓላሳይ ህዝብና!

ሓሙሻይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጒባኤ፡ ንስርዓት ህዝባዊ ግንባር ብዘርኢ፡ ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ስልጣን ካብ ዝጭብጥ ኣትሒዙ፡ ክሳብ'ዚ ኣቲናዮ ዘሎና ወቕቲ፡ ኪኽተሎ ዝጸንሐ መርሆ ከም ዘይቀየረ ሚዛኑ ኣስፊረ። እዚ ስርዓት'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዘውረዶ ጨኻን ኣተሓሕዛ ኣጽኒዑ። ንመላእ ሃገር ናብ ሓደጋ ከውድቕ ዚኽእል ግናይ ኣገባባት ኪኽተል ይርከብ። ኣብ ልዕሊ'ቲ ከዘውትሮ ዝጸንሐን ዘሎን ግፍዕን ጭቆናን ሽበራዊ ተግባራትን ድማ፡ ነቲ ኣብ መዋእል ናጽነታዊ ቃልሲ ዝተረጋገጸ ሓድነትን ሃገራውነትን ንምብታን፡ ናይ ፈላሊኻ ግዛእ ቅዋማት ኪኽተል ይርከብ። ስርዓት ህግዲፍ፡ ነዚ ሓደገኛ ፖሊሲ ኪጥቀም እንከሎ፡ ንስልጣንን ንሃብቲ ሃገርን ኣብ ኢዱ ንክጽንዕ ዝዓለመ ምዃኑ ኣመልከተ።

ኣብ ምጣነ-ሃብታዊ መዳይ፡ መንግስቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ንመሓውር ሃገራዊ ምጣነ-ሃብቲ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽሩ ከምዝጸንሖ ብምግባር ንህግዲፍ ኣብ ሃገርና ናብ ዝለዓለ ርእሰማላዊ ሰልፊ ለወጦ። ናይ ህግዲፍ ምጣነ-ሃብታዊ ገበተ ንምክልኻል ብማለት፡ ብዝፈጠሮ መሰናኽላት ድማ፡ ሃገራዊ ይኹን ግዳማዊ ርእሰማል ኣብ ኤርትራ ንኽይዋፈር ተገትአ። ከም ውጽኢት ናይ ዝተኸተሎ ምጣነ ሃብታዊ ፖሊሲ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ሰልፍን ናይ መንግስቲ ትካላትን፡ ብልሽውና ኣስፋሕፊሑ ክኽወለሉ ኣብ ዘይክእል ደረጃ በጺሐ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ኤርትራ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ናይ ሓደ ሃብታም ገዛኢ ሰልፍን ድኻ ህዝብን ሃገር ኰይና ትርከብ። ብዘይካ'ዚ፡ ብሰሪ እቲ ስርዓት ዘባርዖ ከንቱ ውግኣት፡ ሃብቲ ሃገር ባኺኑ፡ ስራሕ ኣልቦነት ኣስፋሕፊሑ፡ ሓያሎ ኵርንዓት ሃገር ብጥሜት ተጠቒዑ ኣብ ርእሲ ምህላዉ፥ ህዝብና ዝኸፍአ መነባብሮ ዘሕልፈላ ሃገር ኰይና ኣላ።

ሃገራዊ ጒባኤ፡ ንሕቶ መሬት ተመልኪቱ ኣብ ዝገበሮ መጽናዕቲ፡ እቲ ስርዓት ህዝባዊ ግንባር ብ1994 ዘውጽኦ “ሕጊ መሬት” ኣሉታዊ ኣሰራቱ ኣብ ምጣነ=ሃብታዊ መዳይ ጥራሕ ተሓጺሩ ከምዘይተረፈ ተዓዚቡ። እንታይ ደኣ፡ ናይ'ቲ መንግስቲ ሰልፍን ተሓባበርቱን፡ ሽግር ህዝብና ኣብ ግምት ከየእተዉ፡ ንስቡሕ መሬት ካብ ዋናታቱ ብምምንዛዖም፡ ኣዝዩ ሓደገኛ ሳዕቤናት ዘለዎ ፖለቲካውን ሕብረተሰብኣውን መዋጥር ከምዝኸተለ ተገንዚቡ።

ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ፡ ጒባኤ፡ ነቲ ውድብና ኣንጻር ምጣነ-ሃብታዊ ቅዋማት ስርዓት ህግዲፍ ዝወሰዶ መርገጽ ኣመጒሰ። ናይ'ቲ ስርዓት ሕጊ መሬት ብምቅዋም፡ መሬት ኣብ ኢድ ዋናታቱ ኪጸንዕ'ምበር፡ ካብ'ኦም መንዚዕካ ንዘይግብኦም ኪዕደል ከምዘይግባእ ውድብና ዘርኣዮ መትከላዊ መርገጽ ኣድኒቑ።

ሓሙሻይ ሃገራዊ ጒባኤ፡ ንጕዳይ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ሃገርና፡ ብዓቢ ተገዳስነት ብምምልካት፡ መሰላት ህዝብና ካብ መዋእል መግዛእቲ ዝገደደ፡ ኣብ ዝበኣሰ ኵነታት ከምዝርከብ መዘነ። ዜጋታት ኤርትራ፡ ብሩህ ክሲ ከይቀረበሎም፡ ኣብ ኣብያተ-ፍርዲ ከይቐረቡ፡ ናይ ነብሰ-ምክልኻል መሰሎም ተነፊጉ፡ ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ይማስኑ ኣለዉ። ደቂ ሃገር ኣብ ትሕቲ ቅንጸላን

መጭወይትን ኣሰር ዘይብሎም ምጥፋእን፥ ከምኡ ውን፡ ኣብ ትሕቲ ንሕስያ ዘይብሉ ግብረ-ሽበራዊ ተግባራት ይሳቐዩ ኣለዉ።

ተቓላሳይ ህዝቢ ኤርትራ፡

ስርዓት ህግዲፍ ካብ ኣትይዎ ዘሎ ቅልውላው ንምውጻእን፥ ነቲ ኣብ ውሽጡ ዝተራእየ ዲሞክራስያዊ ለውጥታት ዝጠልብ ናይ ተቓውሞ ድምጽታት ንምብርዓንን፥ ብኡ ኣቢሉ ድማ፡ ከም ብሓድሽ ሕጋውነት ንምልባስን፡ ፈተነታቱ ብምቕጻል ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2001 ዚካየድ ናይ ምርጫታት ውጥን ሰሪዑ ኪንቀሳቐስ ይርከብ። ጉባኤና፡ እዚ ተሰሪዑ ዘሎ ምርጫዊ ዕንደራ፡ ብመሰረቱ ንይምሰልን፡ ምስ ገዛእ ርእሱ ጥራሕ ዝወዳደረሉ ዓውደ ትያትርን ካብ ምኻን ሓሊፉ ካልእ ትርጉም ከምዘይህልዎ ኣገንዚቡ።

ስርዓት ኤርትራ፡ ብዛዕባ ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ምምላስን ምጥያስን ግዱስ ከምዘይኮነ፡ ሓሙሻይ ጉባኤና ተመልኪቱ። ኤርትራ ናጽነታ ካብ እትጓናጸፍ ድሮ ዓሰርተ ዓመታት ሓሊፉ ከብቅዕ፡ ስደተኛታት ኤርትራ ጌና ኣብ ናይ ህይወት ምረት ክነብሩ ይርኣዩ ኣለዉ። ዋላ ውን እቲ ስርዓት፡ ክሳዕ'ቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝወረደ ኣህጉራዊ ጽቕጠት፡ ሕቶ ምምላስ ስደተኛታት ዝተቐበለ እንተኾነ፤ ገለ ብዝሒ'ውን ናብ ሃገሩ እንተተመልሰ፤ እቶም ካብ ሃገር ሱዳን ዝተመልሱ ስደተኛታት፡ ኣብ ውሽጢ ሃገሮም፡ ዝተሓተ ናይ መነባብሮ ጠለባት'ካ ከይተማልኣሎም ኣብ ሓድሽ መደበራት ተደርብዮም ይርከቡ። ጉዳዩ ኣብ'ዚ ጥራሕ ከይተወሰነ፡ ኤርትራ፡ ከም'ቲ ተስፋ ተገቢሩሉ ዝነበረ፡ ሓቛፊት ህዝባ ክንዲ ትኾውን፥ ኣብ መዋእል ኢሳያስ፡ ንህዝባ እተባርር ሃገር ኰይና ኣላ። መንእሰያት ኤርትራ፡ ኣብ'ቲ ስርዓት ዝወልዖ ውግኣት ዕግበት ስለዘይብሎም፥ ኣድላዪነት ምቅትታል ውን ስለዘይተራእዮም፡ ካብ መስርዕ ሰራዊት ይኸውን፡ ካብ መደበራት ታዕሊም ሃዲሞም፡ ናብ ጐረባብቲ ሃገራት ይኸውን ናብ ዝረሓቐ ስደት ከምርሑ ይርኣዩ ኣለዉ።

እዚ ኵሉ ተረኽቦታት'ዚ ዝሕብሮ ነገር፡ ስርዓት ህዝባዊ ግንባር ሎሚ ንዝኾነ ከታልል ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ ከምዝበጽሐ፥ ብኤርትርውን ኣህጉራውን መዳያት እውን ተቓሊዑ ከምዝርከብ ኢዩ።

ጽኑዕ ተቓላሳይ ህዝብና!

ጉባኤና፡ ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ንኹሉ ናይ ተቓውሞ ውድባት ሓቝፉ ክቐውም ምኽኣሉ፡ ንናይ ህዝቢ ናይ ቃልሲ ሽውሃት ናብ ክብ ዝበለ መድረኽ ዘሰጋገረ ታሪኻዊ ተረኽቦ ምኻኑ ኣመልኪቱ። ኣብ ኤርትራ ዲሞክራሲ ክዕወት ህዝብና ዘካይዶ ቃልሲ ንምብርታዕ፡ ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ንዝዓመሞ ግደ ብኣድናቖት ኣመጒሱ። መሰረታት ውድብና፡ ኣብ ኵሉ'ቲ ምሕዝነት ዘካየዶ ናይ ምንቅስቓስ መዳያት ንዝገበርዎ ምርኡይ ተራን ዘረጋገጽዎ ሓልዮትን ንዓወት ምሕዝነት ዘርኣይዎ ተዋፋይነትን ብኽብሪ ኣመጒሱ። ግደ ምሕዝነት ኣብ ኵሉ ደረጃታት ንምዕዛዝ ድማ ንቓልስታቶም ብዝያዳ ክብ ከብሉ ጸዊዑ።

ኣብ ኤርትራ ፖለቲካዊ መርገጺት ኣብ ዝንጸረሉ፡ ኣብ መንጐ ዲሞክራስያዊ ሓይልታት ዲክታቶርያዊ ስርዓትን ዝተወልዐ ቍርቍስ ከኣ፡ ኣብ ዝለዓለ ደረጃኡ ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን፡ ጉባኤ ንመሪሕነት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ምስ ኵሎም'ቶም ንዲክታቶርነት ዝጻረሩ ናይ ኤርትራ ሓይልታትን ምንቅስቓሳትን ውልቀሰባትን ዘተ ክኸፍትን መዋእል ስቅያት ህዝብና ንምሕጻር ዘብቅዕ ሓባራዊ ናይ ተቓውሞ ዕዮታት ከካይድን መዘዘ።

መሰረታት ውድብ፡ በቲ ምልካዊ ስርዓት ዘዋፍሮ ጸለመን ምፍርራሕን ሽበራዊ ስርሒታትን ከምህ ከይበሉ፡ ኣብ መትከላት ውድብ ብትብዓት ጸኒዖም ንዘካየድዎ ሕኑን መኸተን ግጥምያን፡ ጉባኤ ብኣድናቖት ዝተሰነየ ዓቢ መጐስ ኣመዝጊቡ ኢዩ። ኣብ ኣዝዩ ጽንኩር መድረኽ፡ ኣባላት ውድብና ብፍላይ፡ ተቓላሳይ ህዝብና ድማ ብሓፈሻ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘካየድዎ ዘለዉ ዘይሕለል ቃልሲ

መጕስን ምስጋናን ኣመዝጊቡ። ዕላማታት ውድብናን ህዝብናን ንምዕሟቕ፡ ኣብ ኤርትራና ድማ ሰንደቕ ዲሞክራስን ፍትሕን ሰላምን ንምትካል ከም ቀደሞም ቃልስታቶም ብናህሪ ንኸደይቡ ጉባኤ ጸዋዕታኡ ኣመሓላለፈ።

ሰራዊት ኤርትራ፡ ንባዕሉ ሓደ ካብ ግዳያት ናይ'ቲ ስርዓት ብምዃኑ፡ ኣብ ጐድኒ'ቲ፡ ህዝብና፡ ዲሞክራስን ሰላምን ቅሳነትን ኣብ ሃገር ንኽሰፍን ዝገብር ዘሎ ተጋድሎ ጠጠው ብምባል ታሪኽ ዝጠልቦ ሃገራዊ ሓላፍነቱ ንክስከም ጉባኤ ጸዊዑ።

ሓሙሻይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ነቶም ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ናይ ህግዲፍ ዝሳቐዩ ዘለዉ፡ ኣባላት መሪሕነት ዝነበሩ ብጾት ተቓለስቲ፡ ተኸለብርሃብ ገብረጻድቕ (ወዲ ባሻይ)ን ወልደማርያም ባህልብን ዝርከብዎም ናይ ፖለቲካን ናይ ሕልናን እሱራት ዘኪሩ። ኣህጉራዊ ሕብረተሰብ ኣብ ልዕሊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ነቲ ዘይሰብኣዊ ተግባራቱ ግቡእ ኣቓልቦ ብምሃብ ሓያል ተጽዕኖ ከካይድ ውን ኣማሕጺኑ።

ሓሙሻይ ጉባኤ፡ ነቶም ምስ'ዚ ዲክታቶርያዊ ስርዓት'ዚ ዝምድና ዘለዎም ሃገራት፡ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንኽረጋገጽን ኣብ ዞናና ሰላምን ቅሳነትን ንኽሰፍንን፡ ንዝምድናታቶም ኣብ መዓላ ከውዕልዎ ኣማሕጺኑ። ከምኡ ውን፡ ንውድብና ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ብዝምልከት፡ ነቲ ብሰንኪ ስርዓት ህግዲፍ ዝተባርዐ ውግኣት፡ ኣብ መንጐ ህዝብናን ህዝብታት ጐረባብቲ ሃገራትን ዝተፈጥረ ኣሉታዊ ኣሰራት ንምምሓው፡ መሪሕነት ውድብ ህርኩት ጸዓታት ከካይድ መዘዞ። ሓሙሻይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ብዓወት ንኽሰላሰል፡ ዘድሊ ምትሕብባርን ሓገዝን ንዘወፈዩልና ኣዕሩኽ ሃገራትን ሰልፍታትን፡ ጉባኤ ካብ መጋባእያታቱ መጕስን ምስጋናን ኣተሓላለፈ።

ሓሙሻይ ጉባኤ፡ ነቲ ህዝቢ ፍልስጤም ኣብ ትሕቲ ጐበጣ እስራኤል ከካይዶ ዝርከብ ስዉእ ድሕሪ ስዉእ ዝኸፍለሉ ዘሎ ህዝባዊ ትንሳኤ ብምድጋፍ፤ ህዝቢ ፍልስጤም፡ ርእሰ-ውሳኔኡ ንምስልሳልን፡ ናጻ መንግስቱ ንምቛምን፡ ንዘለዎ መሰል ደገፉ ገለጸ። ከምኡ ውን፡ ዝተጐብጠ መሬት ሶርያን ሊባኖስን ናብ ሕጋውያን ዋናታቱ ንኽምለስ ጸውዐ። ንጕንጹ ዓረብን እስራኤልን ብጠቕላላ፡ ፍትሓውን ነባርን መፍትሒ ንኽርከበሉ ዝግበር ጽዓታት ከአ ደገፉ ኣረጋገጸ።

ኣብ ኣፍሪቃዊ መዳይ፡ እቲ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኪካየድ ዝርከብ ጐንጽታትን ምስሕሓባትን፡ ሰላማውን ዲሞክራስያውን መርሆታት ብምኽታል እንተዘይኰይኑ፡ ብኻልእ መንገዲ ክፍታሕ ከም ዘይክእል ኣመልኪቱ።

ጽኑዓት ኣባላት ውድብና!

ሓሙሻይ ጉባኤ፡ ኣብ መደምደምታ ኣኼባታቱ፡ ነቲ ዘጽደቖ ቅዋማትን መደባት ዕዮን ኣብ ግብሪ ንምውዓል ሓላፍነት ዝስከም ፖለቲካዊ መሪሕነት ብምምራጽ፡ ስርሓቱ ብዓወት ዛዚሙ።

ኤርትራ፡ ናጻን ዲሞክራስያዊትን ሃገር ኰይና ትንበር!

ዓወት ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ!
ዓወት ንምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ!
ውድቀትን ሕፍረትን ንዲክታቶርነት!
ክብርን ነባሪ ዝኽርን ንጀጋኑ ስውኣትና
18.08.2001